ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተ ክርስትያን
ብሓልዮት ግብጻዊት ኦርቶዶክሳዊት ቤተ ክርስትያን
ዝነጥፍ ቤተ ክርስትያን ቅዱስ ኣቡነ ኣንጦንዮስ
ካይሮ፣ ግብጺ

“ኣነ ብርሃነ ዓለም እየ ፡ እቲ ዝስዕበኒ ብርሃን ህይወት ክረክብ እምበር ብጸልማት ኣይክኸይድን እዩ።”
(ዮሃ 8፡12)

“ብርሃን ኣብ ማእከልኩም ኣሎ ጸልማት ከየርከበኩም ከሎ ብርሃን ከለኩም ተመላለሱ። ደቂ ብርሃን ምእንቲ ክትኮኑስ፡ ብርሃን ከለኩም ብብርሃን እመኑ ።”
(ዮሃ 12፡35)

መጽሄት ብርሃን

“ብርሃን ውን ኣብ ጸልማት የብርህ፡ ጸልማት ከኣ ኣይሰዓሮን።”
(ዮሃ 1፡5)

“እቲ ብኣይ ዝኣምን ዘበለ ኣብ ጸልማት ምእንቲ ኸይነብር፡ ኣነ ብርሃን ኮይነ ናብ ዓለም መጺአ ኣለኹ።” (ዮሃ 12፡46)

መጽሄት ብርሃን ቀዳማይ ሕታም ሰነ 2008



"መታን ከይትደኽሙን ነፍሳትኩም ከይሕለላን፡ ነቲ ካብ ሓጥኣን ኣብ ርእሱ ክንድ'ዚ ዝኣኽል ምጽራር እተዓገሰ ዘክርዎ።" (እብ12፡3)

"ንወዲ ኣምላኽ ፍቕሪ
ካብ መንበሩ ሰሓቦ፣
ክሳብ ሞት ከኣ ኣብጽሖ።"
(ቀ.ዮሓንስ ኣፈወርቂ)

"ፍቅርሰ ሰሓቦ ለወልድ ሓያል
እመንበሩ፤ ወኣብጽሖ እስከ
ለሞት።"

'I drenched my couch with my bitter tears'.

I drenched my couch, with my bitter tears.
I promised my Lord, my Lord, this is the last time.
I'll be firm in your love, as firm as a rock.
From all my heart, my heart, I'm not returning.
I'm not returning, I'm, not returning,
from all my heart my heart, I'm not returning
It came to me, the war strongly.
I returned again, again to the depth of sin.
I wept from my heart, with a pure repentance.
But for a while, a while, then returned again.
Returned again, returned again,
but for a while, a while then returned again.
I strengthened my will, I increased my promises.
From my great conceit, conceit I increased my promises.
Being sure of my determination, being sure of my struggle
It deceived me myself, myself, and I returned again.
Returned again, returned again,
it deceived me myself, myself and I returned again.
I cried intensely, and said have mercy.
I know my weakness, my weakness, O Lord assist me.
Power is from you, from above not from me.
As long as You are with me, with me I'm not returning.
I'm not returning, I'm not returning.
As long as You are with me, with me I'm not returning

Source book; 'life of Repentance'
H.H pope Shenouda III

ይትባረክ እግዚኣብሔር ኣምላከ ኣበዊነ!!

ብጹእ ወቕዱስ ኣቡነ ሸኖዳ ሳልሳይ
መበል 117 ፓትርያርክ መንበር ማርቆስ
እስክንድርያ

ብጹእ ወቕዱስ ኣቡነ ኣንጦንዮስ ቀዳማይ
መበል ሳልሳይ ፓትርያርክ
ሃገረ ኤርትራ

†ነቶም ቃል ኣምላኽ ዝመሃሩኹም መራሕትኹም ዘኽሩዎም፡ መወዳእታ ንብረቶም እናተቛመትኩም ኣስኣሰር እምነቶም ሰዓቡ። ኢየሱስ ክርስቶስ ትማልን ሎምን ንዘለኣለምን ንሱ እዩ። †(እብ13፡7-8)

ብቤት/ት/ሰንበት ቤተ ክርስትያን ቅዱስ ኣባ ኣንጦንዮስ ማሕበር
ኪዳነ ምሕረት፣ ኣርደሌዋ ፣ካይሮ ፣ ሃገረ ግብጺ
ኣብ 1ይ ዓመት ምምስራት ማሕበር ዝተዳለወ 1ይ ሕታም መጽሄት
Email ; kidanemihret_abuneantonios@yahoo.com



ኣቡነ ዲማዲዮስ ሊቀ ጳጳስ ጊዛ

ሓጺር ታሪኽ እዚ ማሕበር/ ቤተ ክርስትያን

እዚ ቤተ ክርስትያን ብውሑዳት ውልቀ ሰባት ከም ጽዋእ ኪዳነ ምሕረት ብምባል ካብ ገዛ ናብ ገዛ ውልቀ ሰብ በብተራ እናተኻየደ ዝተጀመረ ኮይኑ፡ ናይ እግዚኣብሔር ቅዱስ ፍቓድ ኮይኑ ብፍቓድ ብጹእ ወቅዱስ ኣቡነ ሽኖዳ ኣብ ግብጻዊት ቤተ ክርስትያን ኣቡነ እንጦንዮስ ክካየድ ስለዝተፈቕደ ኣብ ግንቦት 2007 ብማሕበር ኦርቶዶክሳዊት ተዋህዶ ቤተ ክርስትያን ክኸውን በቒዑ። እዚ ጥራይ ከይኣክል ኣመንቲ ዝጥርነፍሉ ዓቢይ ዕድል ብምክፋቱ ኣመንቲ እናበዝሑ ስለዝኸዱ ንጥፈታት እዚ ማሕበር ድማ ብኸምኡ እናበዝሐ ከይዱ። ካብ ማሕበር ድማ ናብ ዓቢይ ቤተክርስትያን ማዕቢሉ ከም ትምህርቲ(ንዓበይቲን ህጻናትን)፡ ንእሱራትን ሕሙማትን ሽጉራትን ምድጋፍ ክሳብ ኣገልግሎት ቅዳሴ፡ ከምኡ'ውን ሓበራዊ ጉዕዞ ናብ ገዳማትን ቅዱሳን ቦታታት ግብጺ ወዘተ ዝኣመሰለ ንጥፈታት ክካየደ ተኻኢሉ ኣሎ። ሰብ ይሓስብ ይብገስ ኣምላኽ ድማ ይፍጽም ከም ዝበሃል እቶም ነዚ ክኸውን ዓቢይ ኣበርክቶ ዝገበሩ ኣኣብ ዘለውዎ ስፍራ እግዚኣብሔር ብጸግኡ ክድግፎምን ክሕልዎምን ወላዲተ ኣምላኽ ኪዳነ ምሕረት ክትባርኾምን ብልማኖኣ ክትድግፎምን ማሕበር ክጽሊ ነዘኻክር። እግዚኣብሔር ንማሕበሩ ይባርክ።ኣሜን!!

ወስብሓት ለእግዚኣብሔር

ብቤት/ት/ሰንበት ቤተ ክርስትያን ቅዱስ ኣባ
ኣንጦንዮስ ማሕበር ኪዳነ ምሕረት፣ ኣርደሌዋ
፣ካይሮ ፣ ሃገረ ግብጺ
ኣብ 1ይ ዓመት ምምስራት ማሕበር ዝተዳለወ 1ይ
ሕታም መጽሄት

Email ; kidanemihret_abuneantonios@yahoo.com
ቴሌፎን፡- +(202)-0237299005

ኣርእስቲ

1.ቃል ኣቦታት ማሕበር:-
ቃል ሓላፊ ቤተ ክርስትያን፡
ቃል ኣቦ ማሕበር
መልእኽቲ ማሕበር

2.ትምህርቲ ሃይማኖት
ስቕለት ጎይታ
ኣብ ስደት ዘሎ በረኸት
ፍቕሪ ብዘይግብዝና
ንእግዚኣብሄር ምፍቃር
ምስ እግዚኣብሄር ምንባር

3.ገድሊ ቅዱሳን
ኣቡነ ሰይፈ ሚካኤል
(ገዳም ጻዕዳ እምባ)
ኣባ ዳንኤልን ሰዓብቶምን

4. ተኣምረ ማርያም
ገዳም ሲድናያ

5. ሕቶን መልስን

6. ዋዛ ምስ ቁም ነገር

ኣባ መቃርስ

ሓደ ግዜ ኣባ መቃርስ ምስ ኣሕዋቶም እናኸዱ ከለዉ፣ ሓደ ቆልዓ ከምዚ ክብል ሰምዕዎ “ ኣደይ፣ ሓደ ሃብታም ሰብኣይ ኣሎ ኣዝዩ ዘፍቅረኒ ኣነ ግና ዝጸልኦ፣ ብኣንጻሩ ግና ሓደ ድኻ ኣሎ ኣዝዩ ዝጸልኣኒ ኣነ ድማ ዝፈትዎ” እዚ ዘረባ ምስ ሰምዑ ብጣዕሚ ተደነቑ እሞ እቶም ኣሕዋቶም ኣባ እንታይ እዩ እዚ ቃል ክሳብ ክንድዚ ዘደንቐኩም ምሰ በልዎም፣ እቶም ዓቢይ ኣቦ ከም’ዚ ኢሎም መለሱ “ብሓቂ፤ ጎይታ ሃብታም እዩ፤ የፍቅረና ድማ ንሕና ግና ኣይንሰምዖን ብኣንጻሩ ድማ ሰይጣን ድኻ እዩ ኣዝዩ ከኣ ይጸልኣና ንሕና ግና ንእከዩ ነፍቅር”

“ጽሩይ ማይ ክነጽገልኩም እየ ’ሞ ክትጽርዩ ኢኹም። ካብ ኩሉ ርኽሰትኩምን ካብ ኩሎም ጣዖታትኩምን ከጽርየኩም እየ። ሓዲሽ ልቢ ድማ ክህበኩም ፡ ሓድሽ መንፈስ ከኣ ከሕድረልኩም፡ ነቲ ዕቡይ፡ ተሪር ከም እምኒ ዘኾነ ልቢ ካባኹም ከውጽእ፡ ዚእዘዝ ናይ ስጋ ልቢ እውን ክህበኩም እየ። ንመንፈሰይ ኣብ ውሽጥኹም ከሕድሮ ብትእዛዘይ ከመላልሰኩም ፍርደይ ከሓልወኩምን ከግብረኩምን እየ።” (ህዝ 36፡25-27)

መልእኽቲ ናብ ኣሕዋተይ ኤርትራውያን

ብምኽንያት ቀዳማይ ዓመት ምጅማር ማሕበርኩም ኣብ ቤተ ክርስትያን ቅዱስ ኣቡነ ኣንጦንዮስ ኣርደሌዋ:-

ኣብ ሕቕፊ ቤተ ክርስትያና ምሳና ምህላወኩም ኣዚና ሕጉሳት ኢና፡ ከምኡ ድማ ናይ ቤተክርስትያና መንፈሳዊ መልእኽቲ ክኾነኩምን፡ ንደቂ ሓደ ሃገር ዝኾንኩም ኣሕዋት ትተኣኻኸብሉ ቦታ ብምዃኑ ሕጉሳት ኢና።ንኩሉ እትጠልብዎ ኣገልግሎት ዓቕምና ብዝፈቕዶ ከነእንግደኩም፡ ሓንጎፋይ ኢልና ብምቕባል፡ እግዚኣብሔር ኣምላኽ ክሕልወኩምን ዕላማኹም ከፈጽመኩምን ንልምኖ፤ እቲ ምንታይ ኩላትና ኣካል ስጋ ክርስቶስ ብምዃናን፡ ንሱ ድማ ቤተ ክርስትያን ምዃኑን፡ ኣምላኽና ኢየሱስ ክርስቶስ ርእሲ ናይ'ዛ ኣብ ኩሉ ቦታ መአከቢት ዝኾነት ቤተ ክርስትያን ንሱ ብምዃኑን እዩ።

ቆሞስ ኣቡነ ኣቕናጥዩስ

ሓላፊ ቤተ ክርስትያን ኣቡነ ኣንጦንዮስ

بمناسبة مرور عام علي اجتماعكم المبارك بكنيسة الانبا انطونيوس-ارض اللواء

نحن سعداء جدا بوجودكم معنا في احضان الكنيسة وسعداء ان يكون لكنيستنا رسالة روحية لكم ومكان لقاء الاخوة من الوطن الواحد. ونسعد ايضا ان نقدم لكم اي خدمة مطلوبة بقدر المستطاع مرحبين بكم دائما طالبين من اللة ان يحفظكم و يوفقكم و يحقق اهدافكم لاننا جميعنا اعضاء جسد المسيح الذي هو الكنيسة والرب يسوع هو رأس هذة الكنيسة الجامعة في كل مكان.

القس
اغناطيوس

መልእኽቲ እንቋዕ ኣብጽሓና

ብምኽንያት እዚ ዓብይ ኣጋጣሚ ብምግባር ፤ ነቲ ናብ'ዚ ዘሎናዮ ሰዓትን መዓልተን ክንበጽሕ ዘብቅዓና እግዚኣብሄር ኣምላኽና ምስጋና ይኹኖ እብል።

ብምቕጻል እግዚአብሔር ፍቓዱ ኮይኑ ሓደ ዓመትና ኣኺሉ ዝሓለፍናዮ ገምጊምና ንዝመጽእ ግዜ ብዝበለጸን ብዝሓየለን ነፍስና ንኣገልግሎት ኣምላኽ ንውፍየሉ፤ ካብ ጉድለታትና ተማሂርና ሓጢኣትና ብንስሓ ሓጺብና ብሓድሽ መንፈስ ንቤቱ እንዳተመላለስና ኣብ ፍቕሩ እንነብረሉ ህይወት እነጥርየሉ ግዜ ካብ ሎሚ ምዃኑ ተረዲእና ብድልየትና ንኣምላክ ንምሕጓስ እንጽዕተሉ ግዜ ብምብጻሕና ደጊመ እንቛዕ ኣሐጎሰና እብል።

በዚ ኣጋጣሚ ነዚ ማሕበር ብዘለዎም ዓቕሚን ድሌትን ብጸሎትን ኣብ'ዚ ደረጃ ንኽበጽሕ ዝጸዓሩ ኣብ ውሽጢ ግብጺን ወጻእን ዘለኹም ኣሕዋተይ ዓስብኹም ኣብ ኣምላኽ ዓቢይ ብምኻኑ በርቲዕኩም ክትቕጽልዎ እላቦ ጸሎት ኣዴና ኪዳነ ምሕረት ድንግል ማርያም ድማ ኣይፈለኹም ኣይፈለይና ።

ኣባ መልኣኩ

ኣቦ ማሕበር ቤተክርስትያን ኣቡነ ኣንጠንዮስ

መልእኽቲ ማሕበር

ብስም ኣብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን ብሓደ ኣምላኽ ኣሜን።

እግዚኣብሄር ኣምላኽ ካብ መጀመርያ ፍጥረት ንብርሃን ክንፈልጦ ብእኡ ባህ ክብለናን ብብርሃኑ ድማ ክንመላለስን ሰናይ ፍቓዱ እኳ እንተነበረ። እዚ ጥራይ ዘይኮነ'ውን ንብርሃን ካብ ጸልማት ፈሊና ብምርጫና ክንነብር ነጻነት ኣብ ዝሃበና፡ ብገዛእ ፍቓድና ንናጽነትና ተጠቒምና ጸልማት ክንመርጽ ፈቶና። ብርሃን እመበኣር ኣብ'ዚ ግዜ እዚ ካብ ጸልማት ብጸብለልትነት ኣብርሀ'ሞ ፍረ ጸላም ዝኾኑ ከም ሕፍረት ውርደት ድኻም ዕንቅፍቲ መከራ ሓሶት ማእሰርቲ ምኽኒት ወዘተ ጎሊሖም ወጹ። ሰብ ጸልማት ብምምራጹ ተጣዕሰ ናብ ብርሃን ንኽምለስ ውን ንወሃቢ ብርሃን ኣግዚኣብሄር ብዘይምቁራጽ ለመነ።

ኣምላኽ ድማ ብርሃን ናብ ዓለም ለኣኾ ጸልማት ድማ ኣብ ቅድሚ ብርሃን ኽቐውም ኣየከኣለን፤ ግና ወዲ ሰብ ምርጫኡ ብርሃን'ዶ ይኸውን?

እቲ ብርሃን ዝኾነ ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ክብሪ ይኹኖ፡ ኣቐዲሙ፡ ብርሃኑ ንኽነለሊ ካብ ጸሓዩ ተመጊቦም ብርሃኑ ዘብርሁልናን ዝምስክሩልናን ዘፍልጡናን ናብኡ ኣብ ለይቲ ዝመርሑናን ከዋክብቲ ዝኾኑ ቅዱሳን ነብያቱ ለኣኸ። ምርጫ ደቂ ሰባት ግና ኣብ ጸልማት ነበረ። ጸሓይ ዝኾነ ክርስቶስ ጎይታና ኣብ'ዚ ዓለም በረቐ ክብሪ ንዕኡ ይኹኖ። " እቲ ሓቀኛ ብርሃን ኣነ እየ ንዑ ብብርሃነይ ተመላለሱ ኣይክትዕንቀፉን ድማ ኢኹም ውን በለ"(ዮሃ12፡35)(ዮሃ 8፡12) ብምርጫ ደቂ ሰባት ድማ ፍርዲ መጸ እቲ ፍርዲ ድማ እዚ እዩ፡ "ብርሃን ናብ ዓለም መጸ ደቂ ሰባት ግና ግብሮም ክፉእ ስለዝኾነ ካብ ብርሃን ጸልማት መረጹ።" (ዮሃ 3፡19)

እግዚኣብሄር ኣምላኽና ብርሃን'ዩ፡ ቃሉ ድማ ብርሃን እዩ። ቅዱስ ዳዊት ከም'ዚ ይብል "ቃልካ .... መብራህቲ...ከምኡ'ውን... ብርሃን እዩ ።"(መዝ 119፡105) ብርሃን ጎይታ ኣብ ልዕሊ እቶም ብእኡ ብቓሉ ዝኣመኑ ኣብርሀ። ነቶም ነዚ ብርሃን ዝኾነ ቃሉ ኣሚኖም ብብርሃኑ ዝተመላለሱ ብርሃን ዝኾነ ቃሉ ድማ ዘመሓላልፉ ቅዱሳን ከዋኽብቲ ሃዋርያት ድማ በሎም "ንስኻተኩም ብርሃን ዓለም ኢኹም" (ማቴ 5፡14) ።

ብርሃን ኣምላኽ ወንጌል መንግስቱ ኣባና ብቅዱሳን ሃዋርያት ኣቦታት ቤተ ክርስተያን ኣቢሉ በጽሐ። እዛ ካብ ሽዑ ጀሚራ ክሳብ ሕጂ ብርሃና ከይሃሰሰ ንግዝኣት ጸልማት እናቐንጠጠት ንዝጸልመቶ እናብርሀት ክትክወል ዘይከኣላ ኣብ በሪኽ ዘላ መርዓት ቅድሰቲ ቤተ ክርስትያንና፣ መቐረት እቲ ሰማያዊ ብርሃን ኣብ'ዚ ኣብ ምድሪ እናሃበት ክሳብ ዘልኣለም እትነብር ዘላ ሽምዓዓ ኣብሪሃ ማዕጾኣ ከፊታ ትጽውዓና ኣላ። ስለ'ዚ እቲ ነጻ ምርጫ ሕጂ'ውን ንዓና እዩ ። ብርሃን መሪጽና ካብ እከይ ምስንርሕቕ ዘይጠፍእ ብርሃኑ ህይወት መንግስተ ሰማያት ንዘልኣለም ከነስተማቕር ኢና። እሰመ ዘእኩይ ምግባሩ ይጸልእ ብርሃን ከምዝበለ(ዮሃ 3፡20) ጸልማት ምስ እንመርጽ ድማ ናብቲ ናይ ዘልኣለም ደልሃመት ገሃነም እሳት ይኸውን ዓስብና።

> "ነቲ ጽቡቕ ግብርኹም ርእዮም ኣብ ሰማይ ንዘሎ ኣቦኹም ምእንቲ ከመስግንዎ፤ ብርሃንኩም ኣብ ቅድሚ ሰባት ይብራህ" (ማቴ 5፡16)

ኣብ'ዚ ግዜ እዚ ኣቲ ንብዙሓት ኣጸጊሙ ዘሎ ድማ እቲ ሓቀኛ ብርሃን ምልላይ እዩ። ንኣገዳስነት እዚ ብርሃን ግዲ ሸለል ይብሉ ኮይኖም ብዙሓት ብኣርትፊሻል ብርሃን ማለት ብሜላ ሰይጣን ይደናገሩ። ንሱ ድማ ምንጪ ብርሃን ጀነሬተር ብዘይምፍላጥ ገመድ መብራህቲ ካብ ካልእ ስለዝስሕቡ፡ ገለ'ውን ኣብ ዘይዓቕሞም ቮልተጅ ክወስዱ ክመጣጠሩ ስለዝቃጸሉን ቀጻልነት ብርሃን'ውን ስለዘይብሎም ኣብ ጸልማት ይነብሩ። እዚ ማለት ድማ እቲ ሓቀኛ ብርሃን (ጀነሬተር) ዝተባህለ ወንጌል ክኸውን ከሎ እቲ ዝተተኽለሉ ቦታ ድማ ቅድሰቲ ቤተክርስትያን ክኸውን ከሎ እቶም ናይ ብርሃን ገመድ ድማ ኣቦታት ካህናት እዮም። እዚ ብዘይ ምፍላጥ ድማ ገለ ብትዕቢት እናተመጣጠሩ ባዕላቶም መምህራን ክኾኑ መስሓትቲ ብዝመሰሎም እናኸዱ ኣንፈቶም ዝስሕቱ ብጸልማት እናኸዱ ንባዕሎም ከይኣክል ድማ ንካልኦት እናመርሑን ይዕንቀፉን የዐንቅፉን ኣለዉ። እዚ ድማ ሰይጣን መልኣኽ ብርሃን ከምዝመስል ብዘይምስትውዓሎም ክኸውን ይኽእል።

እምበኣርከስ ክቡር ህዝቢ ኣማኒ ክርስትና እዚ ሓቀኛ ብርሃን እዚ እትምህር እትምግብ ሃዋርያዊት ቅድስቲ ቤተ ክርስትያን ንኽንፈልጥ እሞ ኣብ መኣዳ ንኽትሳተፍ፡ እዛ መጽሄት ዕላማኣ ብርሃን ወንጌል ንምፍላጥ ብብርሃን ንምምልላስ ስለዝኾነት መጽሄት ብርሃን ክትስመ እሞ ከም ሓሳብና እግዚኣብሄር ከዕብያን ከቐጽላን ንዓና ድማ ኣብ ኣገልግሎታ ብምስታፍ ጸጋ ከብዝሓልና ቅዱስ ፍቓዱ ይኹን።

"እቲ መንፈስን እታ መርዓትን ንዓ ይብሉ ኣለው። እቲ ዝሰምዕ'ውን ንዓ ይበል። ዝጸምአ ኸኣ ይምጻእ፤ ዝደለየ'ውን ማይ ህይወት ብኽምኡ ይውሰድ።"(ራእ 22፡17)

> **"ህይወት ዝፈቱ፡ ጽቡቕ መዓልታት ክርኢ ዝደሊ ሰብ መን ኣሎ? መልሓስካ ካብ እከይ ከናፍርካ 'ውን ካብ ምዝራብ ጥልመት ሓሉ ፡ ካብ እከይ ርሐቕ፡ ሰናይ ከኣ ግበር ፡ ንሰላም ድለያ ስዓባ'ውን።" (መዝ 34፡11)**

ኣብ ስደት ዘሎ በረኸት

ብስም ኣብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን ብሓደ ኣምላኽ ኣሜን!!

ብመጀመርያ ናይ ስደት ትርጉም ምስ ንርእዮ፣ ብዝተፈላለየ ምኽንያት ማለት ስጋዊን መንፈሳዊን ምኽንያት ካብ ዝተወለድካሉ ወይ ዝዓበኻሉ ቦታ ብድሌት ኮነ ብድፍኢት ናብ ካልእ ዘይዓበኻሉ ዘይባህልኻ ዘይእምነትካ ወይ'ውን ብክሊማ'ውን ዘይለመድካዮ ቦታ ንሓጺር ወይ ንነዊሕ ግዜ ምኻድ ይመስል። ዕድመ ድማ ከይፈለየ ኩሉ ደረጃታት ዕድመ ነኣሽቱ ህጻናት፡ መንእሰያት፡ ዓበይቲ ሰብዕድመ፡ ምርዑዋትን ዘይምርዑዋትን ሙሁራትን መሃይማትን፣ ጥኑሳትን መኻናትን፣ ብውልቂን ብሓባርን ማለት ካብ ስድራቤት ክሳብ ዓሌት ወይ ሃገር የጠቓልል። እምበኣር እዚ ከም መግለጺ ስደት እንተወሲድናዮ፣ ገለ ካብ'ቶም ኣብ ስደት ዘጋጥሙ ነገራት'ውን ምግላጸም ዘድልየና ይመስለኒ፣ ኣብ ክልተ ድማ ከፊልና ክንገልጾም ኢና፣ መጽሓፍ ቅዱስ'ከ ብዛዕባ'ዚ እንታይ ይብል፣-

1. ስጋዊ(ኣካላዊን፡ ስነኣእምሮኣዊ)
2. መንፈሳዊ(spiritually)።

1. ኣብ ስደት ዘጋጥሙ ስጋውያን ነገራት ኣወንታዊን ኣሉታዊን እንታይ እዮም?

ሀ.ኣወንታዊ ነገራት (positive side);- ስደት ብኣወንታዊ ጎኑ እንተርኢናዮ ኣብ ስጋዊ መነባብሮና ዓቢ ጥቕሚ ክህልዎ ይኽእል እዩ፡ እቲ ከም ቀንድን ወሳኒን ዝኾነ ነገር፣- ትምህርቲ እዩ እዚ ድማ ኣብ ግዜ ስደት ብግብርን ብክልሰ ሓሳብን ክትመሃር ንኽእል ብዙሕ ዓይነት ቋንቋን ልምድን ናይ'ቲ ዝኸድካዮ ዓዲ/ቦታ ክትመሃር ትክእል ኣብ ምዕቡላት ሃገራት ምስዝኸውን ድማ ዝለዓለ ናይ ትምህርቲ ደረጃ ናይ ምርካብ ተኽእሎ ዝዓበየ እዩ። "ስደት ንለባም የብልሆ" ድሕሪ ብዙሕ ናብዓዱ ምስዝምለስ ብዙሕ ጥቕሚ ክጠቅም ይኽእል። ብሓፈሻ እቲ

ናብ 5 ገጽ ይቕጽል

ስቕለት ጎይታ

"ወበእንተ ኃጣውኢነ ውእቱ ተሰቅለ ዲበ ዕፅ በሥጋሁ ከመ ያውፅአነ እምኃጣውኢነ" (1ይጴጥ 2፣24) "ካብ ሓጢኣት ርሒቕና ብጽድቂ ምእንቲ ኽንነብር ንሱ ባዕሉ ንሓጢኣትና በቲ ኣብ መስቀል ዝተሸንከረ ሰብነቱ ጾሮ" 1ይ ጴጥ 2፣24

እግዚኣብሄር ኣምላኽና ንኣዳም ካብ ኩሉ ፍጡር ኣኽቢሩ ብምስሉ ጌሩ ገዛኢ ንኹሎም እንስሳታትን ኣታኽልቲን ክኸውን ክሳብ ክንድ'ዚ ኣኽቢሩ ፈጠሮ። ፍቕሪ ኣምላኽ ንሰብ ክሳብ ክንድ'ዚ ጥራይ እኳ እንተዘይኾነ፣ ሰብ ማለት ኣዳም ግን ብሰይጣን ተሳሒሒቱ ማዕረ ፈጣሪኡ ክኸውን ትእዛዝ ኣምላኹ ጠሓሰ። ዓስቢ ሓጢኣት ሞት ብምዃኑ(ሮሜ 6፡23) ዓስቢ እዚ ኣዝዩ ከቢድ ስሕተቱ፣ ኣዳም ካብቲ ብዘይካ ሓጎስ ሓዘን ዘይብሉ፣ ካብ'ቲ ጽጋብ እመበር ጥሜት ዘይረኣየሉ ምድረ ገነት ናብ ምድረ ፍዳ ናብ'ዛ ናይ ስቅያት ጺዒርካ እትንበር፣ ዓለም ተሰጎ ።

ኣዳም ናብራ መሬት ኣዝዩ ስለዝኸበዶ መሪር ሓዘን ሓዘነ ካብ



ኣበሳ ኩላትና ኣብኡ ኣውደቐ"(ኢሳ 53፣6)

እግዚኣብሄር ድማ ምሕረት ለመነ።

ዋጋ ስሕተቱ ኣዝዩ ከቢድ እኳ እንተነበረ ፍቕሪ ኣምላኽ ንኣዳም ብምዕዛዙ፡ ናይ ድሕነት ቃል ኣተስፈዎ።

ይኹን ደኣምበር ግዜ'ኡ ጌና ስለዘነበረ ንብዙሕ ዘመናት "ብሰሪ ሓደ ሰብኣይ ሓጥኣት ናብ ዓለም ኣተወ ፣ ብሓጢኣት'ውን ሞት፣ ኩላቶም ስለዝኣበሱ ድማ ሞት ናብ ኩሉ ሰብ ሓለፈ" ሮሜ 5፣12 በዚ ምኽንያት ምልልት ግዜ ምስ ኣኸለ፡ እቲ ሓጢኣት ዘይገበረ ክርስቶስ ኣብ ክንዲ እቶም ኣብ ትሕቲ ፍርዲ ሞት ዘለው ክመውት መጸ። ምናልባት ንሕና ደቂ ሰባት ምእንቲ እቲ ኣዚና ነፍቅሮ መቕርብና ንሞት ንሓልፍ ንኸውን ናይ መድሓኒና ኢየሱስ ክርስቶስ ግን ፍሉይ ዝገብሮ ምእንቲ እቶም ዝጸርፍዎን ምእንቲ እቶም ዝገረፍዎን ምእንቲ እቶም ኣኽሊል እሾኽ ኣብ ርእሱ ዝወግእዎን፣ እወ ምእንቲ እቶም ኣብ መስቀል ብጭካነ ሸንኪሮም ዝሰቐልዎ ኢዩ ሂወቱ ዘሕለፈ። ኣየ'ወ ነቶም ዝጸርፍዎን ዘሳቐይዎን ዝነበሩ ኣብ መሪር ስቅያት ከሎ ደንገጸሎም፣ ናይ ሲኦል ግዙኣት ከይኮኑ ድማ ምእንትኦም ከምዚ ኢሉ ጸለየ "ኣቦይ ዝገብረዎ ኣይፈልጡን እዮም እሞ ኣይትሓዘሎም"። " ኩላትና ከም ኣባጊዕ ተባረርና፣ ነፍስ ወከፍ ናናብ መገዱ ዘንበለ ፣ እግዛብሄር ከኣ ኣበሳ ኩላትና ኣብኡ ኣውደቐ"(ኢሳ 53፣6) እቲ ንጹህ ኣበሳ ዘይብሉ ኣብ ክንዲ ኩሎም ዝዘንበሉን ዝረኸሱን ገለ ሰናይ ዝገብር'ውን ዘይብሎም(መዝ 14፣3) በጃ ሓለፈ፡ ብሞቱ ንሞት ሰዓረ።

ሃዋርያ ቅዱስ ጳውሎስ ብዛዕባ ጎይታናን ኣምላኽናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ከም'ዚ ይብል "ከም'ዚ ዝኣመሰለ ክፍኣትን ርኽሰትን ዘይብሉ፣ ካብ ሓጢኣት ዝተፈልየ፣ ካብ ሰማያት ከኣ ልዕል ዝበለ ቅዱስ ሊቀ ካህን ኣደለየና(ዕብ 7፣26)። ኣየ እወ ሓጢኣት ዘይብሉ ካብ ርኽሰትን ክፍኣትን ዝተፈልየ ምስ ኩሉ ሓይሉ ኩሉ ዝካኣሎ ኣምላኽ፣ ነቶም ዘሳቕይዎ ዝነበሩ ከም ድኹም ሰብ ምእንቲ ድሕነት ዓለም፡ መሪር

ናብ 6 ገጽ ይቕጽል

ንጽቡቕ ገበሮ

ፈተና በዚሑ ኣሕዋት ክጸልኡና
ካብታ ምድራዊት ዓለም ፋሕ ክብሉና
ብሕሰም ነገስታት ግዝኣት ጭኮና
'ቲ ናይ ዮሰፍ ኣምላኽ ምስ መጸ ናባና
ዋልታ ኮይኑ ካብ ሞት ኣድሓነና
ሎሚ ወሪዱ'ሎ ከም'ቲ ናይ ቀደሙ
ኣብ በረኻ ግብጺ ጸኒዕና ብስሙ
እቲ ዝኣመንናዮ መዓስ ጠሊሙና
ኣብ ዓዲ ጓና ሞጎስ ዓዲሉና
ኣሃዱ ኣብ ኢልና ንስሙ ክንቅድስ
ልሳንና ምስ ጋና መሊኡ ክፈስስ
ኣብ ቤቱ ደው ኢልና ኣብ'ቲ ክቡር
መቕደስ
ሃሴት ክንገብር ተረሲዑ ስደት
ፍቕሩ ኣስረጸልና ብብዝሒ ምሕረት
ኣየድልን ምሕዛን ብዝሓለፈ ምጭናቕ
ንቕድሚት ንዘሎ ምሕሳብ ምስቓቕ
ከም ጽላሎት ኮይኑ ክሃፍፍ'ቲ ዘመን
ይኣኽለና ምጭናቕ ንኸንቱነት ዓለም
መንገድና ሲሕትና ከይንኣቱ ገሃነም
ኣየጽድቕን ጉያ ጉያ ምባል መንበሪ
ምንዳይ
ስለምንታይ ንፈርሕ ነጨንቕ ነፍስና
ይኣኽለና ሎሚኒ ይትረፍ ምስንባድና
ብናይ ኣብርሃም ኣምላኽ ብሓቂ እንተ
ኣሚና
ኣጋር ዝረኣየቶ ከሪኢ ንዓና
ከም ናይ ዮሰፍ ሞጎስ ንኽዕድለና
ኣብ ጽላት ልብና ንጎይታ ኣንጊስና
ኩሉ ዓድና'ዩ ኩሉ ድማ ቤትና
ድኽመትና ዘይርኢ ወትሩ ዝመላለሰና
ዕረና ገዲፉ ጥዑም ዘኾለሰና
ኣብቲ ልሙዕ ሻኻ ወትሩ ዘዕረፈና
ከመይ ዘይነፍቅሮ ኩለንትንኡ
ዝወፈየልና
ስሌና እኮ'ዩ ኣብ መስቀል
ዝተሰቕለልና።
ጾርና ተሰኪሙ ናዓና ዘዕረፈ
ህይወት ክህበና ህይወቱ ዘሕለፈ
ባኺ ኢልና ጸባ ፍቕሩ ካብ መገበና
ኣብ በረኻ ግብጺ ሰላሙ ዘስተየና
ኣብቲ ማሙቕ ሕቕፍኡ ካብ
ዝማመቐና
ሰመያዊት መንግስቲ ርስቱ ካብ ሃበና
ከመይ'ዩ ሃገረይ ሃገር እግዚኣብሄር'ዩ
እንታይ'ዩ ሃብተይ ገንዘበይ ንሱ'ዩ
ብሓሳብ ምኹብላል ኣብዚ ይኣኽለና
ሂወትና ነዕርፍ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽና

ኣብ ስደት ....

ካብ 4ይ ገጽ ዝቐጸለ

ኣወንታዊ ዝበሃል ነገራት ኣብ ትምህርቲ ይጠቓለል'ዩ። ንቑጠባ እዩ፡- ስደት ንስራሕ ብዝብል ዕላማ ምስዝኸውን ድማ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ክባርኾ ከሎ ብንግዲ ይኹን ብኻልእ ንጥፈታት ንርእስኻን ንስድራቤትካን ብተወሳኺ ድማ ንሕብረተሰብካን ኮታ ንሃገርካ ከም ቅ.ዮሴፍ ክትጠቅም ትኽእል "ኣምላኽ'ዩ ህይወት ንምድሓን ቀቅድሚኹም ዝለኣኸኒ " (ዘፍ 45:5)። እቲ ካብ ኩሉ ዘገርም ሓቂ ድማ እቶም ኣብ ዓለም ዘለዉ ሃብታማት ዳርጋ ኩሎም ኣብ ስደት ማለት ካብ ሃገሮም ወጻኢ ከይዶም ዝሰርሕዎ ገንዘብ እዩ።

<u>ለ.ኣሉታዊ ነገር</u>(negative side);-
እቲ ዝበዝሐ ኣሉታዊ እንተበልናዮ ዝተጋነነ ኣይመስለንን፣ ምኽንያቱ እቲ ተዓቍብካሉ ዘሎኻ ሀገር ብሃይማኖታውን ብባህላውን ብቑጠባውን ብጸጥታውን ብጥዕናውን መዳይ ካብ መዕበይኻ ኣጸቢቑ ምስዝፍለ እቲ መጠን ኣሉታዊነቱ ዓቢ ይኸውን።

ብባህላዊ ኣረኣእያ ምስንርእዮ፡- ነቲ ዘለኻዮ ዓዲ ንኽትመስል ማለት ብምንቅስቓሳትካ፡ ብኣከዳድናኻ፡ ኮታ ብኹልንትናኻ ስለትግደድ "ኩን ከመ ሃገረ ምድርከ" ወይ when you are in Rome do as Romans' do" ዝብል ምስላ ቀዳሞት ኣሎ"። ምስ ግዜ ቛንቋኻ ፡ባህልኻ፡ ልምድኻ፡ መንነትካ፡ ናይ ምውርራስ ተኽእሎኡ ይዳኽም። ብዙሓት ሃገራት ኣብ'ዚ ግዜ እዚ ምስ እንርኢ ድማ ከም ካብ ገጽ 3 ዝቐጸለ ባህላዊ ስምፖ'ዝዩም ዝኣመሰለ እናገበሩ ባህለን ንምዕቃብ ኣብ ጻዕሪ ይርከባ።

ብቑጠባዊ ኣረኣእያ ምስንርእዮ ድማ፦ ብዙሓት ካብ ብቁጠባ ዘይማዕበላ ሃገራት ምሁራተን ኣብ ስደት እዮም ዝነብሩ፣ ዘዝተማህሩ'ውን ናብ ስደት ይውሕዙ (braindrain ድማ ይበሃል) እዚ ድማ ንምዕባለ ሓንቲ ሃገር ወይ ንሕብረተ ሰብ ሃሳይ እዩ። ቁጠባዊ ዓቕሚ ወዲ ሰብ ኣብ ጻዕሩ ዝምርኮስ እኳ እንተኾነ እቲ መብዛሕትኡ ግዜ ዝርአ ግና እቲ ኣብ ብቑጠባ ዝማዕበላ ሃገራት ዝቕመጥ ብቑጠብኡ ብተዛማዲ ዝሓሸ ይመስል እቲ ዓይነት ንጥፈታትን መነባብሮን ድማ ብምዕባለ ክፈላለ ስለዝኽእል ኣብ ህይወትካ ጸቕጢ(stress) ክፈጥር ይኽእል። ኣብ ብቑጠባ ዘይማዕበላ ሃገራት(third world countries) ምስ እንርኢ ግና እቲ ካብ ሃገርካ ዘምጻእካዮ ልምዲ ስራሕ ትምህርቲ ወይ ክእለት ምስቲ ሃገር ምስዘይከይድ፣ ኣብ ዘይሓሰብካዮ ዘይደለኻዮ ስራሕ ትወድቕ'ሞ ከምድሌትካ ከሰጉመካን ከማዕብለካን ኣይክእልን ምዝመዛ ሰለዘጋጥመካ ድማ ሓደ ሓሳብ ወይ ዕላማ ናይ ምሕሳብ ተኽእሎኻ ይዳኽም፡ መጸኢኻ ይፈርስ፡ ጭንቀትካ ድማ ብኡ መጠን ይዛይድ ንሕማማትን ንገበናትን ትቃላዕ ከም'ቲ ቅ.ሃዋርያ ዝበለና "ገንዘብ ሱር ኩሉ ክፍኣት እዩ"።

ብጸጥታዊ መዳይ ምስ እንርእዮ ድማ ኣብ ዝኾነ ቦታ ወይ ግዜ ምንቅስቓስ ከም ትደልዮ ክኸውን

ናብ 9ይ ገጽ ይቕጽል

ፍቕሪ ብዘይ ግብዝና ትኹን

መጽሓፍ ቅዱስ ከም ዘረድኣና ጎይታናን ኣምላኽናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ካብ ሰማየ ሰማያት ናብ ምድሪ ወሪዱ፡ ፍቅርና ስሒብዎ ምእንታና ብዕለተ ዓርቢ ኣብ መስቀል ተሸንኪሩ። እዚ ኩሉ ምእንታና ዝተበጀወልና ፍቅርና ደሪኽዎ እዩ። እዚ ስለዝኾነ እዩ ድማ ፍቕሪ ብዘይግብዝና ዝብለና።(ሮሜ 12:9) ቀጺሉ 'ውን ኣብ ሓድሕድኹም ምዉቕ ፍቕሪ ኣሕዋት ይሃልኹም ይብለና። (ሮሜ 12:10) ኣደይ፡ ኣቦይ፡ ሓወይ፡ ሓብተይ፡ ዓርከይ፡ መማህርተይ፡ መሳርሕተይ፡ ጎረቤተይ.......... ወዘተ እንዳበልና ክንፋቐርን

ፍቕሪ ማእሰር
ፍጻሜ'ያ'ሞ ልበስዋ!!
(ቆሎ 3:14)

ክንከባበርን ክንተሓጋገዝን ይምህረና። ሰባት እንተበደሉና በደሎም ክንሓድገሎም ከምዝግባእና፣ ይዕበ ይንኣስ ክንቅየም ከምዘይብልና ከም'ዚ እናበለ ይምህረና። ኣብ ንሰብ በደሎም እንተተሓደግክሙሎም ንኣኻትኩም ድማ ሰማያዊ ኣቦኹም ክሓድገልኩም እዩ። (ማቴ 6:14) ንሕና'ውን ከምቲ እግዚኣብሄር ንዝገበርናዮ ሓጢኣት

ናብ 7ይ ገጽ ይቕጽል

አቡነ ሰይፈ ሚካኤል መን'ዮም? ገዳሞ'ም'ከ ?

ብስም ኣብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን ብሓደ ኣምላኽ ኣሜን።

ኣቡነ ሰይፈ ሚካኤል ካብ ፍርሀት እግዚኣብሄር ዘለዎም ጾምን፡ጸሎትን ዚፈትዉ ሕያዋት ስድራቤት ዝተወልዱ'ዮም፡ ስም ኣቡኦም ዓምደ ሚካኤል፡ ስም ኣዲኦም ድማ ሂሩት ማርያም ይበሃሉ። ኣቦታቶም ካብቶም ናይ ደርሰነይ ዓበይትን ክቡራትን እዮም፣ በዚ መሰረተ ትውልዶም ካብ እገላ ዝወጹ ደርሰነይ ካብ ዝበሃል ካብ ዓይነ ሳባ ንሳቶም ከኣ ዘርኢ ሰናይ ዝተባህሉ ናይ ደብረ ገብርኤል እዮም።

ካብ ማህጸን ኣዲኦም ካብ ብንእሽተኦም ብጸጋ እግዚኣብሔር ዝተሓርዩን ዝተቐደሱን ብምንባሮም ብፍርሀት እግዚኣብሄር ከኣ ብጽቡቕ ኣዕበይዎም። ኣብ ናይ ትምህርቲ ዕድመ ምስ በጽሑ ኣቦኦም ናብ'ቲ ናይ ቅዱስ ገብርኤል ቤተ ክርስትያኖም መምህር ዝነበረ ወሲዱ ኣእተዎም። መዝሙረ ዳዊትን፡ መጻሕፍቲ ነብያትን ሃዋርያትን ናይ ማህሌታይ ያሬድ ትምህርትን፡ መጻሕፍቲ ብሉያትን ሓድሽን ኩሉ ተማሂሩ። ኩሉሳዕ ናይ ቅዱሳን ገድልን(ታሪኽ ህይወት) ዜናን ምስማዕ ድማ ዝፈትዉ፡ ክሳብ ምሸት ይጸሙ ነበሩ። ብፍቕሪ ኣምላኾም ንቑሕ ስለዝነበሩ ንቤት እግዚኣብሔር ምኻድ ዝፈተዉ ኩሉ ሳዕ ድማ 100 ይሰግዱ ነበሩ። ካብ ኩሉ ድማ ትሕትና ይፈትዉ ስለዝነበሩ እግሪ ኣሕዋት ንምሕጻብ ኩሉ ግዜ ትጉህ ነበሩ።

ብድሕሪ'ዚ ዲቁና ክሽየሙ ናብ ጳጳስ ወሰድዎም ምስ ብጾቶም ከዱ'ሞ ናብቲ ጳጳስ ምስ በጽሑ እቶም ጳጳስ ገጾም ምስ ረኣዩን ብባዕሚ ኣዘራርባኦምን ተደነቑ ፈተውዎም ድማ። ቅኑዕ ብሃይማኖቶም ስለ ዝኾኑ ዲቁና ሸይሞም ድማ ብሰላም ኣፋነውዎም፡ ናብ ሃገሮም ከኣ ተመልሱ።

ብንጽህናን ብቕድስናን ብትግሃትን ድማ ኣብ ቤተ ክርስትያን የገልግሉ ነበሩ። ብተወሳኺ ምስ ኣሕዋቶም ኮይኖም ኣሕምልቲ እናሓለዉ ንወለዶም ይሕግዙ ነበሩ። ናብ ኣሓ ዝውዕሉሉ ምስ ወፈሩ ኣብ በዓቲ ይኣተዉ'ሞ ኣብ ውሽጢ እቲ በዓቲ ረሃጾም ክም ማይ ክሳብ ዝፈስስ ይሰግዱ ነበሩ። ኩሉ ሳዕ ክሳብ ምሸት ይጸሙ፡ ምግቦም'ውን ንድኻታት ይህብዎም። ለይትን መዓልትን ይሰግዱ እምበር ኣይድቅሱን ነበሩ።

ብድሕሪ'ዚ ኣቦና ኣቡነ ሰይፈ ሚካኤል እቲ "ኻባይ ነቡኡን ነዲኡን ኣብሊጹ ዘፍቅር ንዓይ ክኸውን ኣይበቅዕን" "ካባይ ከኣ ንወዱ ንጓሉን ዝፈቱ ንዓይ ክኸውን ኣይግባእን እዩ።"፣ እቲ መስቀሉ ተሰኪሙ ዘይስዕበኒ ነዓይ ኣይበቅዕን'ዩ። ክስዕበኒ ዚደሊ ነፍሱ ይጽላእ ጨኪኑ ዲማ መስቀል ሞቱ ተሰኪሙ ይሰዓበኒ። ንነፍሱ ክድሕና ዚደሊ ሰብ ንመከራ የወፍያ ንነፍሱ ምእንታይ ዝሓድጋ ክረኽባ እዩ።(ማቴ10:37-39) ንሰብከ ንኩሉ ዓለም ረቢሑስ ነፍሱ እንተ ኣጥፊኣ እንታይ ይጠቕሞ፣ ሰብከ በጃ ነፍሱ እንታይ ዘይምሃቦ"።(ማቴ16:26) ኢሉ ጎይታ ዝተዛረቦ ክንቱነት እዚ ሓላፊ ዓለምን ርእዮም ኣብ ዓለም ዘሎ ኩሉ ሓዲጎም መታን ነፍሶም ክድሕኑ፣ መስቀል ሞቶም ኣልዒሎም ንጎይትኦም ናብ በዓትታትን እምባታትን እናኖሩ ሰዓቡ።

ብናይ እግዚኣብሔር ፍቓድ ኣብ ኣድያቦ ቤተ ቁርቆስ ክይዶም ስራሕ ምንኩስና እናተማህሩ ኩሎም መነኮሳት ብግብሮም ክሳብ ዝድነቑ ብጾምን ጸሎትን ተጸሚዶም ንእግዚኣብሔር ይግዝኡ ነበሩ። ኣቡነ ዕንቈ ብርሃን ከኣ ናይ ገድሎም ትሩፋት ምስ ረኣዩ ልብሲ ምንኩስናን ናይ መላእኽት ኣስኬማን ኣልበስዎም። ኣብ ዋልድባ ክይዶም ድማ ግብረ ምንኩስና ተማሂሩ። ብኹሉ ትምህርቶም ንዓታቶም መሰሉ። ካብ ብዙሓት እውን ብፍጹም ጻዕሪ ክብ በሉ፣ እቶም ናይ ዋልድባ ቅዱሳን ንኣቦና ሰይፈ ሚካኤል "ሓውና ክፍልኻ ኣብ ምድሪ ሓማሴን እየ'ሞ ናብኡ ኪድ" በልዎም። ኣቡነ ሰይፈ ሚካኤል ግና ነቲ ገዳም ፈትዮሞ እኳ እንተነበሩ እቶም ናይ ዋልድባ ቅዱሳን ግዲ በልዎም ምኽንያቱ ኣብኣ ወንጌል ስለ ዝምህሩን ንቡዙሓት'ውን ኣቦ ስለዝኾኑን እዩ።

ካብኡ ተመለሱ'ሞ ምድሪ

ናብ 8ይ ገጽ ይቕጽል

ስቕለት......

ካብ 4ይ ገጽ ዝቐጸለ

ሞት ተዓገሰ። ኣየ ትዕግስቲ ኩሉ እናኽኣለ ክም ድኹም ብፍጡራቱ ተገርፈ፡ ብቐጥዐ መጽዖ ብትዕግስቲ ሰዓቦም፡ ክም ሕያዋይ በጊዕ ኣብ ቅድሚ ቀተልቱ ርእሱ ኣድነነ፡ ሓጢኣት ዓለም ዘርሕቐ ገንሸል ኮነ (ዮው1:29) ብሰሪ ገበንና ገበን ዘይብሉ ክንሱ፡ ክም ገበነኛ ብናይ ገዛእ ርእሱ ደም ነቶም ህዝቡ መታን ክቕድስ ኣብ ወጻኢ እቲ ኣፍ ደገ መከራ ተቐበለ(ዕብ 13፥11)። እወ በቶም ኣዝዮም ጨካናት ኣይሁድ ብሰሪ ገበና ቆሰለ፣ ብሰንኪ ኣበሳና ተኸትከተ፣ መስቐሉ ጾይሩ እናወደቐ እናተንሰአ ተጋደለ፡ ኣብ ጎልጎታ ኣምላኸይ ኣምላኸይ ንምንታይ ሓደካኒ በለ(ማር 15፥34) እቲ ንማያት ዝእዝዞም ጸማእኩ ምስ በለ፣ መሪር ሓሞት ኣምጺኦም ኣሰተይዎ። ንሕና ብሞቱ ሂወት መታን ክንረክብ ኣምላኽ ኣብ ክንዳና ርእሱ ወፈየ። ነቲ መድሓኒ፡ ወዲ ኣምላኽ እንተኾንካ ካብ መስቐል ውረድ(ማቴ 27፥40-42) ርኢና መታን ክንኣምን'ሲ ክርስቶስ ንጉስ እስራኤል ካብ

ናብ 9ይ ገጽ ይቕጽል

ምስ እግዚኣብሄር ምንባር

እግዛብሄር ንዓና መንዩ? ብኸመይከ ንገልጾ?

ቅዱስ እግዚኣብሄር ኣምላኽና መንን ከመይ ዝኣመሰለ ምኳኑ ቅዱሳን ሊቃውንቲ ቤተክርስቲያን 318 ኣቦታት ካብ ጌጋ ርድኢት ወይ ንዝጋገዩ ንኽነ ረድእ ድሕሪ እቲ ዓብይ ናይ ክሕደት ወይ መናፍቅነት ፈተነታት ኣብ ዓበይቲ ጉባኤታት ምስዓር ንብድሕሪኦም ንእንስዕብ ወለዶታት ንጹር ዝኾነ ኣፍልጦ ክህልወና መንፈስ ቅዱስ ብዝገለጸሎም መሰረት፦ጸሎተ ሃይማኖት (The Creed)ብምባል ጽሒፎምልና ገሎጸምልና ኣለዉ። ነዚ ድማ ኣብ ነፍስ ወከፍ እንገብሮ ጸሎት ውልቃዊ ይኹን ማሕበራዊ፡ ከምኡ'ውን ኣብ ግዜ ቅዳሴ ክንጽልዮ ሰሪዖምልና ኣለዉ። ጸሎተ ሃይማኖት እምነትና እንታይ ምዃኑ ዝገልጽ ጸሎት እዩ። ከም'ዚ ድማ ይብል፦

ኩሉ ብዝሓዘ፡ ሰማይን ምድርን ዝርኣይን ዘይረኣይን ብዝፈጠረ ብሓደ ኣምላኽ ብእግዛብሄር ኣብ ንኣምን ብሓደ ጐይታ ብእየሱስ ክርስቶስ፡ ዓለም ከይተፈጥረ ምስኡ ህልው ብዝኾነ ወልድ ኣብ ዋሕድ'ውን ንኣምን። ካብ ብርሃን ዝተረኽበ ብርሃን ካብ ሓቀኛ ኣምላኽ ዝተረኽበ ኣምላኽ፡ ዝተወልደ እምበር ፍጡር ዘይኮነ፡ ብመለኮቱ ምስ ኣብ ማዕረ ዝኾነ፡ ኩሉ ብእኡ ዝተፈጥረ፡ ብዘይክኡ ግና ኣብዚ ምድሪ ዘሎ ይኹን ወይስ ኣብ ሰማይ ዘሎ ምንም ዝተፈጥረ የልቦን። ምእንታና ምእንቲ ሰብ፡ ምእንቲ ምድሓንና ካብ ሰማያት ዝወረደ ብመንፈስ ቅዱስ ካብ ቅድስቲ ድንግል ማርያም ስጋ ለበሰ፡ ሰብ ኮነ።

ሰብ ኮይኑ ድማ ብዘመነ ጴንጠናዊ ጲላጦስ ምእንታና ተሰቕለ (ሓመመ) መከራ መስቀል ተቐበለ፡ ሞተ፡ ተቐብረ፡ ኣብ ቅዱሳት መጻሕፍቲ ከም ዝተጻሕፈ ኣብ ሳልሳይ መዓልቲ ካብ ምውታት ተፈልዩ ተንስአ።

ብኽብሪ ናብ ሰማያት ዓረገ። ኣብ የማን ኣብኡ ተቐመጠ። ከም ብሓድሽ ንህያዋንን ምውታንን ክፈርድ ብኽብሪ ክመጽእ እዩ፡ ንመንግስቱ"ውን መወዳእታ የብሉን።

ጐይታን መሕወይን ብዝኮነ ካብ ኣብ ብዝሰረጸ መንፈስ ቅዱስ ንኣምን። ምስ ኣብን ወልድን ንሰግደሉን ነመስግኖን፡ ብነብያት ዝተነግረና እዩ።

ልዕሊ ኹሉ ናይ ሓዋርያት ጉባኤ ብዝኾነት ብሓንቲ ቅድስቲ ቤተ ክርስትያን ንኣምን። ሓጢኣት ንምስትራይ፡ ብሓንቲ ጥምቀት"ውን ንኣምን። ትንሳኤ ሙታንን ንዘለዓለም ዓለም፡ ንዝመጽእ፡ ሕይወት ተስፋ ንገብር።

ጸሎተ ሃይማኖት በዞም ዉሑዳት ቃላት ስፍሕ ዝበለን ዓሚቝን ምስጢራት ሒዛ እትርከብ መግለጺ

ናብ ገጽ 13 ይቕጽል

ፍቕሪ ብዘይ......

ካብ 5ይ ገጽ ዝቐጸለ

ይቕረ ዝበለልና ሓጥኣትናን በደልናን ዝሓደገልና፡ ንሕና'ውን ንዝበደሉና የሕዋት በደሎም ንሕደገሎም። ሃዋርያ ቅዱስ ጳውሎስ ናብ ሰብ ቆላስይስ ኣብ ዝጸሓፎ መልእኽቲ ምስንንብብ፤ ኣምላኽ ከም ዝሓረየኩም ቅዱሳንን ፍቁራትን ህዝቢ ኳንኩም ምሕረት፡ ለውሃት፡ ትሕትና፡ ሕያውነት፡ትዕግስቲ ልበሱ። ንሓድሕድኩም ተጻዋወሩ፡ ኣብ ሞንጎኹም ቅር ዝብል ነገር እንተሃለዩ ይቕረ ተባሃሃሉ፡ ኣብ ልዕሊ እዚ ኩሉ ግና ንኹለን ኣሲራ ኣብ ፍጻሜ እተብጽሕ ፍቕሪ እያ'ሞ ልበስዋ።(ቆላ 3፡12-14) ስለዚ ፍቕሪ ናይ ኩሉ መእሰሪ ስለዝኾነት ከም ክዳን ንልበሳ።

እቲ እንገብሮ ፍቕሪ ድማ ናይ ኣፍ ዘይኮነስ ናይ ልቢ ክኸውን ኣለዎ።ከመይ እንተ ኢልና፡ ቅዱስ ሃዋርያ ጴጥሮስ ኣብ መልእኽቱ ከምዚ ይብለና"ፍቅሪ ብዙሕ ሓጥኣት ትኸድን እያ'ሞ ቅድሚ ኩሉ ንሓድሕድኩም ብምልእ ልቢ ተፋቐሩ"(1ጴጥ 4፡8) ጐይታናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ስሙ ይኽበር ይመስገን፤ ከምዚ ይብለና፡ሓው'ኻ እንተበደለካ ኬድካ ንስኻን ንሱን በይንኩም ኳንኩም ግንሓዮ፡ እንተ ሰምዓካ ንሓውኻ ረባሕካዮ፡እንተ ዘይሰምዓካ ግና ኩሉ ነገር ብኣፍ ክልተ ወይ ሰለስተ እዩ ዝቐውም እሞ፡ኣብ ካልኣይ ግዜ ሓደ ወይ ክልተ መሰኻኽር ውሰድ፡ንኣኣታቶም እንተዘይሰምዖም ድማ ንቤተ-ክርስትያን ንገራ፡ንቤተ-ክርስትያን እንተዘይሰምዓ ግና ከም ኣረሚንን ዘይንሳሕ ሓጥኣተኛን ጌርካ ቁጸሮ፡(ማቴ 18፡15-17) ንሕና'ሽ ሓውና እንተበደለና ከም'ዚ ጐይታና ዝበለና ንገብር ኣለና'ዶ፧ንየዕሩኽትና ምስ ሓወይ ተባኢሰ ኣለኹ'ሞ ኣተዓርቐኒ ኢልና ተዛሪብና'ዶ፧ ንኣባት ነብስና'ሽ ሓቢርናዮም'ዶ፧ ወይሲ ባዕልና ይቕረ በለልና ኢልናዮስ ኣብዩና ኢልና ገዲፍናዮ፧ ስለ'ዚ እቲ ጎይታና ዝበለና ኣብ ልብና ጌርና ብጥንቃቐ ክነስተንትኖ ይግባኣና።

ጎይታናን ኣምላኽናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ክብሪ ንዕኡ ይኹን፡ኣብ መስቀል ተሰቂሉ ከሎ፡ ነቶም ብጭካነ ዝገረፍዎ፡ ብመሳምር ዝሸንከርዎ፡ ኣብ ርእሱ ኣኽሊል እሾኽ ዝደፍኡሉ፡ ኦ ኣቦይ ዝገብርዎ ኣይፈልጡን እዮም እሞ ኣይትሓዘሎም (ሉቃ 23፡34)። እዚ ኩሉ መከራ ኣውሪዶምሉ ክንሶም፡ ነቲ ኩሉ በደሎም ይቕሬታ፡ ምሕረት ጌሩሎም። ስለ'ዚ ንሕና ድማ ከም'ቲ ጎይታና ምሕረት ዝገበረልና መሓርቲ ምሕረት ከምዝረኽቡ ፈሊጥና (ማቴ 5፡7) ምሕረት ክንገብር ይግባኣና።

ናብ ገጽ 13 ይቕጽል

ዋዛ ምስ ቁምነገር

☻ትርጉም ጾም ዘይምፍላጥ ዘስዓቦ፦

ዓርብን ረቡዕን ዝጸውም ሰብኣይ፡ እኽሊ ከይበልዐ ድማ ክሳብ ቅዳሴ ይጸውም ነበረ። ሓደ ማዓልቲ ረቡዕ እዩ ኔሩ፤ ንሰበይቱ ኣቲ ሰበይቲ እታ ካዝንኣ መሊእኪ እታ ሽጉጥ ሃብኒ እዚ ጎረቤትና እና ጸረፈ ኣሕሲሩኒ እዩ'ሞ ሎሚ ክቐትሎ እየ በላ። ሰበይቱ ድማ፤ እሞ ከየሰንፈካ እንጌራ በሊካ ኪድ በለቶ። ሰብኣይ ኣፋ! ኣነ ረቡዕ ንግሆ ማዓስ በሊዐ ሪእኽኒ ትፈልጢ ርኽስቲ ከተስዕርኒ ደሊኺ እሉ ጉንዲ እዝና ጸፍዓ ይብሃል።

☻በስመ "ኣብ'ዶ" ወላስ በስም "ኣም "

ሓንቲ ሰበይቲ ሰንበት ማዓልቲ ኣብ ገዝኣ ኮይና ቡን ክትሰቲ ከላ ሰይጣን መልኣኽ መሲሉ ብርሃን ወሊዑ መጸ፤ እታ ሰበይቲ ብስንባደ በስም ኣም በለት። ንሱ'ኻኣ ትቕብል ኣቢሉ ኣይከኣልክዮን ምስ በላ። ሰበይቲ ገሪምዋ በስመ ኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ኢላ ብኣድናቖት ገጻ ምስ ኣማዕተበት፤ ሰይጣን በዚኣ ከይዱ ከይተባህለ ካብ ቅድሚኣ ጠፍአ።

☻ኣድጊ ማለት ዘይሰምዕ ዘይእዝ እንተኾይኑ

ናብ 10ይ ገጽ ይቕጽል

ኣቡነ ሰይፈ ....

ካብ 6ይ ገጽ ዝቐጸለ

ሓማሴን በጽሑ፣ ኣብ'ታ ዝተቐደሰት ገዳሙን መካነ መቓብሩ ንኣቦኦም ተክለሃይማኖት ዝኾነት ወገራቅ ተቐሚጦም ኣበምኔትን መምህርን ኮይኖም ምስ'ቶም ለዋህ ጽምዋ ዝፈትዉ ኣባ ሀርያቆስ ከም ስርዓት ኣባ ጳኵሚስን ኣባ ኣርሳንዮስን ዝተሓርየ ሕጊ ምንኩስና ሰርዑ። ንኣቦታትን ኣሕዋትን ድማ ይእዘዙ ነበሩ። እዞም ክልተ ኣብ ማሕበሮም ዝደወዩን ዝሓመሙን ብጸሎቶም ይፍወሱ ነበሩ፣ ኩሉ ከኣ ብጸሎቶም ይምሕጸን ነበረ። ናይ ለውሃቶምን ናይ ትሩፋቶምን ወረ ከኣ ኣብ ኤርትራን፡ ኢትዮጵያን፡ ግብጽን ኣብ ኩሎም ለዋሃትን ተሰምዐ። ከም ሃዋርያት ድማ ናይ ቅድስት ስላሴ ሓቀኛ ሃይማኖት ኣብ ሙሉእ ምድሪ ሓማሴን ይሰብኩን ይምህሩን ነበሩ። ነቶም ኣባጊዖም ኣመንቲ ከኣ ይሕልውዎም ነበሩ። ማይ ትምህርቶም'ውን ኣብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ንዝነበሩ የርውዮም ነበረ።

ኣብ ደብረ ሳላ ን6ተ ዓመታትን 6ተ ወርሕን መዓልትን ለይትን ብዘይምቁራጽ ድማ ብጾምን ብጸሎትን ብስግደትን እናተጋደሉ ተቐመጡ። ኣብኡ ሕጊ ምንኩስና እናኣስተምሃሩ ኸኣ ቦታ ዘይኣኽሎም ክሳዕ ዝኾኑ ብዙሓት ደቂ ኣከቡ'ሞ ዓባይ ገዳም ገበርዋ ማሕበር ሓድነት'ውን ሰርዑ:: ወሬኦምን ጽድቆምን ድማ ናብ ኩሉ ምድረ ቦጎስን ሓባብን ኣስገደን ትምህርቶም ክሳብ ወሰን ሰቲትን ኑብያን በጽሐ።

ኣብ መፈጸምታ መበል 6ይ ዓመት ኣቡነ ሰይፈ ሚካኤል ኣብ ጸሎት ከለዉ፣ ናይ እግዚኣብሔር መልኣኽ ቅዱስ ገብርኤል መጺኡ፣ "እንሆ ጸሎትካ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ተሰሚዑ ኣሎ፣ ተሓጎስ ኣይትፍራህ ርእሰ'ኻ ኣቕንዕ'ሞ ነዛ እግዚኣብሔር ዝሃበካ ናይ ዘልኣለም ክፍልኻ ጸዕዳ እምባ ረኣያ፣ ኢሉ ብዙሕ ነገራት ነጊርዎም፣ ኣነ ድማ ምሳኻ ክነብር'የ እሞ ኣይትፍራህ" ኢልዎም ካብኦም ከደ፣ ኣቦና ድማ ነቲ መዕረፊኦም ንኽትከውን ዝሃቦም ንምስትን ዝኾነ ንእግዚኣብሄር ድማ ኣመስገኑዎ።

ኣቦና ንኹሎም መነኮሳት ፍጹማን ተፈንዮም ኣብኡ ድማ ብጾምን ብጸሎትን ብብዙሕ ሽግርን ከምኡ ድማ ጥሜትን ጽምኢ ማይን እናተዓገሱን ነቶም ህዝቢ እቲ ዓድርዲ ክሳብ ናብ እምነት ዝኣትዉ ቃል እግዚኣብሄር ን9ተ ወርሒ ዝኣክል መሃርዎም፣ ኣብ ሃይማኖቶም ድማ ጸንዑ።

ብድሕር'ዚ ተንሲኦም ናብ'ቲ ማዕዶ ጸዕዳ እምባ ከባቢ ዝበሃል በጽሑ፣ ቤተ ክርስትያን ሃኒጾም ማሕበር'ውን መስረቱ። ኣብቲ ገዳም ዝስተ ማይ ስለዘይነበሮ ደቆም ድማ ካብ ርሑቕ ከምጽኡ ከለዉ ኣራዊትን ኣረማውያንን የፍርህዎም ስለዝነበሩ

ናብ ገጽ 11 ይቕጽል

ሓድሽ ህንጻ ገዳም ኣባ በላ

ቅዱስ ኣባ ዳንኤል

ኣብ ሻድሻይ ክፈለ ዘመን ኣብ ቀብጣዊ(Coptic) ምንኩስና ዓቢይ ኽብሪ ዝሃቦን ህያው ምስክር ኮይኑ ዝነብር ዘሎ'ን ታሪኽ ህይወት ናይ'ዞም ቅዱስ እዩ።

ኣባ ዳንኤል ኣብ 485ዓ.ም እዮም ተወሊዶም። ጌና ብቐልዕነቶም እዮም ናብ ምድረ በዳ ሺሒት(ኣስቄጥ) ወጺኦም። ኣብ'ቲ ናይ መጀመርያ ምንኩስናዊ ህይወቶም ካብ ክቱር ድልየቶም ንኣምላኽ ዝተላዕለ ናብ ውሽጢ ሰሃራ ክስንዋቑ ሰለስተ ግዜ ብበርበር ተታሒዞም ነበሩ። ኣብ'ቲ መበል ሳልሳይ ናብ ሓደ ካብ'ቶም ዝሓዝዎም እምኒ ምስደርበ'ዩ ኣብ መሬት ወዲቑ ይመውት'ሞ ይሃድሙ። ይኹን ደኣምበር ሕልንኦም ብዛዕባ መጻኢ ህይወቶም ክርብሾም ስለዝጀመረ ናብ'ቶም ናይሽዑ ግዜ ፓትርያርክ ኣቡነ ጢሞቴዎስ 3ይ ክፍለ ዘመን(ካብ 518-536 ዓ.ም) ዝነበሩ፣ ከይዶም ቀኖና(መቕጻዕቲ ንስሓ) ክህብዎም ምስሓተቱ ከደዓዕስዎም ነብሰ ምክልኻል ክትብል ኢኻ ብምባል ፈተኑ። ንሶም ግና በዚ ስለዘይተረጋግኡ ናብ ኣብ'ዘን ከተማታት ማለት ሮም፡ ቁስጥንጥንያ (constantinople)፡ኤፌሶን፡ ኢየሩሳሌምን ኣንጾኪያን ዝረከቡ ጳጳሳት ብምኻድ መቕጻዕቲ ሓተቱ። ከጸናንዕዎም ዝኽእል ስለዘይረኸቡ ጉዳዮም ናብ ኣብ እስክንድርያ ዝነበረ ፍርድቤት ብምቕራብ ኢዶም ሃቡ ይኹን እምበር እቲ ፈራዳይ'ውን ኣበይ'ሞ ካብ'ዞም ጨካናት በርበርሲ ሸውዓተ ከማን ጌርኩምዎ እንተትኾኑ ብምባል ነጻ ለቐቖም።

ናይ'ዞም ቅዱስ ህይወት ብብዙሕ ስደት ኣብ ውሽጢ ግብጽን ወጻእን እዩ ሓሊፉ። ብዙሓት መራሕቲ ቤተ ክርስትያን ናቶም ተመሃሮ ወይ ደቀ መዛሙርቲ ዝነበሩ ዳሕራይ'ውን ክቡራን ናይ'ቲ ግዜ ጳጳሳት ክኾኑ ዝበቕዑ እዮም። ኣቦ ናይ ብሓባር ዝነብራ ደናግል መነኮሳት'ውን እዮም ኔሮም።

ንቅድስቲ ኣናስጣስያ እታ ዲያቆናይት ምስ ቅዱስ ሳዊሮስ ኣብ 518ዓ.ም ካብ ኣንጾኪያ ናብ ግብጺ ንኸትመጽእ ዝመርሕዋ ንሶም እዮም። ንሳ ዩስጢኖስ እቲ ሃብታም ክምርዓዋ ምስደለየ ናይ መነኮስ(ወዲ) ልብሲ ለቢሳ ኣብ ጥቓ ሓደ ገዳም ዝርከብ በዓቲ ብምትሕብባር ኣባ ዳንኤል ከይተፈልጠት ን28 ዓመት ብብሕትውና ዝተቐመጠት እያ።

ኣባ ዳንኤል ንኣላጊ ኣብ 520ዓ.ም እምኒ ሰሰቢሩ ካብ ዘእተዎ እቶት ንድኻታት ክከናኽን ምስረኸብዎ፣ ንኣምላኽ ነዚ ሰብ'ዚ ብዙሕ ሃብቲ ክህቦ'ሞ ኣብ'ዚሑ ንድኻታት ክልግስ ለመኑ። ብድሕር'ዚ ኦላጊ እምኒ ክሰብር ከሎ ዝተኸዘነ(ተረዂበ) ዕትሮ ምሉእ ክቡር ወርቂ ረኺበ'ሞ ናብ ቁስጥንጥንያ ከይዱ በቲ ወርቂ ሚንስትር ተሸመ። እዞም ቅዱስ ኣቦ ክበጽሕዎ ፈቲኖም ግና እቶም ወተሃደራት ከለከልዎምን ስጎጉዎምን ገዝኦም ዓጽዮም ድማ ሰለንተፍኣቱ ጸልየ ብምባል እናበኸዩ ክሳብ ደቆም መነኮሳት ብእኦም ዝጭነቑ ይጽልዩ ነበሩ። ይኹን ደኣምበር ንሱ(ኦላጊ)

ናብ ገጽ 11 ይቕጽል

ኣብ ስደት …………

ካብ 5ይ ገጽ ዝቐጸለ

ኣይኽእልን። ስለ'ዚ ምእንቲ ገንዘብ ንዝተፈላለየ ዓይነት ገበናት'ውን ቅሉዕ ትኸውን ከም'ቲ ቅ.ጳውሎስ ሃዋርያ ዝበለና "እቲ ገንዘብ ሰ ሱር ኩሉ ክፉኣት እዩ እሞ፣ ገሊኦም ንእኡ እናተመጣጠሩ ኻብ እምነት ዘምበሉ ናብ ርእሶም'ውን ብዙሕ ስቓይ ኣምጽኡ"(1ይ ጢሞ 6፡10) ከም ስኽራን፡ ስርቂ፡ ኮንትሮባንድ፡ ዝሙት፡ ቅትለት፡ ግብረ ሽበራ ወዘተ። ወይ ድማ ኣብ ልዕሌኻ'ውን ግፍዒታት ከም ጸርፊ፡ ምፍርራህ፡ ስርቂ፡ ዓመጽ፡ ቅትለት ወዘተ ከጋጠም ይኽእል፡ ነዚ ብስምዒት ንምፍታሕ ድማ ኣብ ገበን ክትሽመም'ውን ትኽእል። ኣብ ዘይዓድኻ ብምኳኑ ድማ ግቡእ ፍትሒ ናይ ምርካብ ተኽእሎኻ ዝተሓተ እዩ። ኣብ ዝተዓቖብካሉ ቦታ ብፍላይ ብዘይሕጋዊ ስግረ ዶብ ምስ ዝኸውን ንጸጥታ ተባሂሉ ዝተፈላለየ ካምፕታት ስደተኛ ይእከብ፡ ኣብ'ዚ ድማ ናይ ጥዕና፡ ትምህርቲ፡ ቁጠባ ሓገዛት ብትጽቢት ስለዝኾነ ካብ ወልፊ ተጻባይነት ሓሊፍ ካልእ ዘምጽኦ ረብሓ ስለዘየለ ልሙስ ይገብረካ፡ ካብ ካምፕ ምስትወጽእ'ውን ግዳይ ኣሰቃቒ ቤት ማእሰርቲን ግፍዕን ሞትን ትኸውን።

ብጥዕናዊ መዳይ ምሰ እንርእዮ ድማ ዘሎኻዮ ቦታ ካብ'ቲ ዝመጻእካዮ ቦታ ብጂኦግራፊካዊ ኣቀማምጣኡ ክፈላለ ስለዝኽእል ማለት መታሕትን-ከበሳን፡ ልሙዕን-ምድረበዳን፡ ጸሓይ ዘይፍለዮን-ብበረድ ዝተሸፈነን ወይ ቁርን ሃሩርን፡ ድሩቕን-ጀቕጀቕን ወዘተ ጥዕናዊ ጸገማት ከጋጥመካ ይኽእል እዩ። ኣብ ብቁጠባ ዝማዕበላ ሃገራትን ዓበይቲ ከተማታትን'ውን ከም ብከላ(pollution) ዝኣመሰለ ንጥዕናኻ ሃሳይ ጸገማት ከጋጥመካ ይኽእል።

ብሃይማኖታዊ መዳይ እዚ'ኳ ኣብቲ መንፈሳዊ ነገር ዝብል ብሰፊሕ ክንርእዮ ኢና፡ ንኣሉታዊ መዳዩ ንምብራህ ግና ከም ኣብነት ናይ ስራሕን ምንቅስቓስን ጸገማት ከጋጥም ይኽእል በዚ ምኽንያት ድማ ብዙሓት ኣስማቶም ካብኡ ሓሊፎም ድማ እምነቶም ክቕይሩ ይረኣዩ፡ "እዚኣቶም…..ምእንቲ ገንዘብ ብስሕተት በለዓም ጸደፉ፣ ብዕልወት ቆሬ ኸኣ ጠፊኦም እዮም እሞ፡ ወይለኦም።"(ይሁ 11)

ስደት ኣዴና ወላዲት ኣምላኽ'ከ ኣብ ኣእምሮና ከመይ ቦታ ኣለዎ?
(ማቴ 2፡13-15)

1. ኣብ ስደት ዘጋጥሙ መንፈሳዊ (spiritual) ነገራት ኣወንታዊን ኣሉታዊን እንታይ እዮም?

መጽሓፍ ቅዱስ ብዛዕባ ስደት ክገልጽ ከሎ፣ ካብኡ መጀመርያ እንመሃሮ ነገር እንተሎ ንባዕሉ መጽሓፍ ቅዱስ ፍረ ስደት እዩ፤ ዳርጋ እቶም ዝበዝሑ ትሕዝኦቶኡ ድማ ኣብ ስደት እዮም ተጻሒፎም። ካብ'ዚ ብምቕጻል ስደት ብመንፈሳዊ ኣረኣእያ ኣብ ክልተ ከፊልና ክንርእዮም ክንፍትን ኢና። ስደት "ንበረኸት'ዶ ዋላስ ንመርገም"፡ ንዘልኣለማዊ (ድሕነት)ህይወት'ዶ ወይስ ንናይ ዘልኣለም ጥፍኣት።

1. ስደት ንመቕጻዕቲ (ንመርገም): ንሕስራን፦ እምበኣርከስ መጀመርያ ስደት ዝጀመረ ብድያብሎስ እዩ፤ እቲ ምኽንያት ድማ ርእሱ ምስ እግዚኣብሄር ብምምዕርራዩ ብትዕቢት ብቕንኣት ብክፉእ ትምኒት እዩ:: ውጽኢቱ ድማ ከም'ዚ ይብል "እቲ ናይ ጥንቲ ተመን ተደርበየ(ተሰደ)፡ ናብ ምድሪ ተደርበየ (ተሰደ)፡ መላእኽቱ'ውን ምስኡ ተደርበዩ (ተሰደዱ)"(ራእ 12፡9) ካብ ፍጥረት ሰብ ድማ ብኣዳምን ሄዋንን እዩ ምኽንያት መስደዲኦም ድማ ሕጊ እግዚኣብሔር ኣምላኽ ምጥሓስ ዘይምስማዕ እዩ። (ዘፍ 3፡24)። ቀጺሉ ድማ ቃየል "….ኣብ ምድሪ ኮብላልን መቕባሕብሓይን ኩን"(ዘፍ 4፡12)። እስራኤላውያን ውን ከምኡ ኣብ ዝተፈላለየ ዘመናት ብሰንኪ ዘይምእዛዞም ብስደት ንዝተፈላለዩ ነገስታትን ህዝብን

ናብ 15 ገጽ ይቕጽል

ስቕለት……

ካብ 6ይ ገጽ ዝቐጸለ

መስቐል ውረድ(ማር 15፣ 32) እናበሉ ጸረፍዎ። ጎይታ ግን ኣንጻር ዕላምኡ ስለዝነበረ ከምኡ ኣይገበረን። ንሱስ ንሕና ብሞቱ ክንድሕን፣ ሞት ብመቱ ከማን መሪር ናይ መሰቀል ሞት መረጸ(ፍሊ 2፡8)። እቲ ዝስቀል ብእግዚኣብሄር ርጉም እዩ'ሞ(ዘዳ 21፣23)፣ ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ፣ ብስቕለቱ ካብ ናይ መርገም ሕጊ ተሻየጠና(ገላ 3፣13-14) እቲ ንዓና ዝግባእ ንሱ ተሸከሞ።

ብዛዕባ ጎይታ፡ ሃዋርያ ቅዱስ ጳውሎስ ክገልጽ ከሎ ከምዚ ይብል"መልክዕ ባርያ ወሲዱ ርእሱ ኣሕሰረ፣ ሰብ መሰለ፣ ብንብረቱ ከም ሰብ ኮይኑ ተረኺበ ርእሱ ክሳብ ሞት ኣትሓተ፣ ሞት ንሞቱ ክሳዕ ሞት ኣብ መሰቐል እኳ ደኣ ተኣዘዘ(ፊል 2፣7-8) ጎይታ በዚ ንዓለም ምስ ነብሱ ዓረቓ፡ እቲ ክርሰቶስ ሓሳረ መከራ ክጸግብ ካብ ምውታት ክትንስእ ብስሙ ከኣ ንሰሓ ሕድገት ሓጢኣት ካብ ኢየሩሳሌም ጀሚሩ ኣብ ኩሎም ኣህዛብ ክስበኽ እዩ (ሉቃ 24፣47) ዝብል ዝነበረ ትንቢት ተፈጸመ።

ዝኸበርኩም ክርስቶሳውያን ብዛዕባ ስቕለት ጎይታና ክርስቶሰ ኣብ እነስተንትኑሉ ወይ ናይ ስቕለቱ ፊልም ኣብ እንርእዩሉ፡ ኣብ ሓሳብና ናይ ኣይሁድ ትረት ልብን ጭካነን'ዶ ርኢና ንፈርድ ንኸውን ወላስ እቲ ናይ ጎይታ ዕላማን መልእክትን ኣስተውዒልና ቃል መስቀል ናይ'ቲ ክሳብ ሞት ዘፍቀረና ኣብ ምፍጻም ህይወት ኣሎና።

ንጎይታይ ካብ መስቀል ንኽይወርድ ዝሓዞ መስማር ዘይኮነስ ፍቕረይ'ዩ ኔሩ!!

ብፍቕሩ ንፈተውትና ጥራይ ዘይኮነ ንጸላእትና ከነፍቅር ዕምቆት ፍቕሪ'ዩ ምሂሩና(ማቴ5፡44)። ጭካኔ ኣይሁድ ኣብ ልዕሊ ጎይታ ኣዝዩ ከቢድ ምንባሩ እነኣመንና ካብኦም ክንዲ ንመሃር፡ ንኣይሁድ እናኾነንና ብጸላም ንመላለስ፤ ኣብ ሓጢኣት ንነብር፤ ሰብ ብዘይ ርእዮ ኣሕዋትና

ናብ ገጽ 14 ይቕጽል

ዋዛ ምስ ......

ካብ 7ይ ገጽ ዝቐጸለ

ሰብን ኣድግን ተኻሲሶም ናብ ቤት ፍርዲ ከዱ። እቶም ኣእዱግ እንታይ'ዩ ጸገምኩም ምስ ተባህሉ። ኣድጊ ማለት ዘይሰምዕ ዘይእዘዝ እንተኾይኑ፣ ሰባት ንዓና ዘይሓስቡ ዘይእዘዙ እናበሉ ይጸርፉና ኣለዉ ኢሎም ክሲ ኣቕረቡ። ሽዑ ወዮ ዳኛ እሞ ሕጅስ ኣእዱግ'ዶ ኣይኮንኩምን? ምስ በሎም። ሰብ እዩ ኣድጊ ንሕና ኣይኮንናን በሉ። ብጉዳዮም ዝተደነቐ ዳኛ ኣእዱግ ከምዘይኮንኩም እንታይ መረጋገጺ ኣሎኩም ምስበሎም፤ ሰባት ምስ ዳኛ ኮይኖም ኣፋጠጡሎም። ኣእዱግ ከኣ ሕጂ'ውን ፈሪሕና ሓሳብና ኣይንቕይርን ኢና ኢሎም መርትዖኦም ብኸም'ዚ ዝስዕብ ገለጹ፣ ኣምላኽ ንዓኹም ካብ ኩሎም ፍጥረታት ኣኽቢሩ ፈጢሩኩም ኣብ ገነት'ውን ኣሰልጢኑኩም፤ ሓንቲ ቀላል ትእዛዝ ጥራይ'ዩ ሂቡኩም ኣይሰማዕኩምን ኣይተኣዘዝኩምን ሞት መሪጽኩም፤ ርህሩህ ኣምላኽ ከድሕነኩም ምስ መጸ ቦታ የለን ኢልኩም ካብ'ቲ ማሕደር ኣጋይሽ ናብ መብልዕማል ሰጎግክምዎ ንሕና ግና ኣብኡ ጸኒሕና ብትንፋስና ኣማሞቕናዮ። ንስደት ሰደድኩምዎ ንሕና ኣብ ስደቱ ጾርናዮ፡ ናብ ኢየሩሳሌም ክኣቱ ከሎ ድማ ንሕና ጾርናዮ፡ ኣብ'ዚ ግዜ እዚ ናብ ጎይታ ዝተጸግዐ ከም ዝኸብር መጠን ኣብ ታሪኽ ወለዶታት ኣእዱግ ተሰሚዑ ዘይፈልጥ ምስ ጎይታ ብዓቢ ኽብሪ ሰባት ሰቲ እናነስነሱልና ክዳውንቶም እናንጸፉልና ብመዝሙር ኢየሩሳሌም ኣቲና። ጎይታ ምእንቲ እቲ ብዘይምእዛዝኩም ዘምጻእኩምዎ መርገም ብኸቢድ ሞት ሞይቱ ተንሲኡ ኣተንሲኡኩም ህይወት ክትረኽቡ ብምባል ድማ ስጋይን ደመይን ብልዑ ኢሉ ንዓና ይኹን ንካልኦት ፍጥረታት ዘይተዓደለ ህያውን ዘልኣለማዊ እንጌራ ህይወት ተቐበሉ ኢሉኩም ትኣብዩ፡ ኣብ እምነትኩም ጽንዑ ተባሂልኩም'ውን ትኣብዩ፤ ተሸከሙኒ እንተዝብለኩም'ውን እምቢ ምበልኩም ማለት እዩ። ስለ'ዚ ብመጽሓፍ ቅዱሳዊ መረጋገጺ ንሕና ዘይኮና ዘይንሓስብ ዘይንእዘዝ ንስኻትኩም ኢኹም ምስበሉ። በቶም ጉዳዮም ክሰምዑ ዝመጹ ፍጥረታት እግዚኣብሄር እቲ ቤት ፍርዲ መሊኡ ነበረ እሞ ቅኑዕ መርተዖ ብምባል ኩሎም ብጣቕዒትን ብፌስካን ነቲ ቤት ፍርዲ ኣናወጹዎ። ሓደ ካብ ሰባት ዝኾነ ዳኛ ካብ ስዕረት ከምልጥ ብምባል ከም'ዚ በለ። እዚ ኣብ ግብሪ ጌና ኣብ ምትግባር ስለዘሎ(ገለ ገለ ቅዱሳን ስለዘለዉ) ክሳብ ዝጻረ ጉዳይኩም ልዕሊ ዓቕመይ ስለዝኾነ ናብ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ(ናብ መወዳእታ ፍርዲ ክርስቶስ) ሓሊፉ ኣሎ ክብል ወሲኑ። በዚ ክሲ'ዚ ዝሓፈሩ ሰባት ንኣእዱግ እናፈከሩሎም ወጺኦም ይበሃል።

ድንግል ናይ ሲድናያ

“ህወትን ጺጋን ሞገስካኒ፣ ምክንኻንካ ንነፍሰይ ሓለዋ” (እዮ 10፡12)

ሲድናያ ማለት ብሶርያ “ኣደ ኩላትና” ማለት ኮይኑ፣ ሓንቲ ንእሽቶ ቑሸት ናይ ሶርያ ካብ ርእሲ ከተማ ደማስኮ 3ኪ/ሜ ርሒቓ ትርከብ እያ። ኣብ'ዚ ቦታ'ዚ ድሕሪ ኢየሩሳሌም ብብዝሒ በጻሕቲ ብኻላኣይ ደረጃ ዝስራዕ ገዳም ቅድስቲ ድንግል ማርያም ይርከብ። እዚ ገዳም እዚ ብ547 ዓም ተሃኒጹ።

እዚ ቦታ'ዚ ካብ ዝተፈላለዩ ሃገራት ዝመጹ ሕብሪ ቆርበቶም፡ እምነቶም ወይ ሃይማኖቶም ብዘየገድስ ብዙሕ ተኣምራት ስለዝፍጸመሎም ካብ ዓመት ንዓመት ዝናኡ እና ላዓለ ይኸይድ።

ታሪኽ እዚ ገዳም'ዚ ኣብ ሻዱሻይ ክፈለዘመን እዩ ጀሚሩ። እዚ ድማ ናይ ቢይዛንታይን ንጉስ ዮስቲን (Jastinian) ንሃገሩ ክካላኸል ብሶርያ ጌሩ ምስ ተጓዕዘ ድሕሪ ናይ ብዙሕ ማዓልታት ጉዕዞ ኣብ መጨረሽታ ኣብ ሓደ ምድረ በዳ በጽሐ። ኣብ'ዚ ቦታ ድማ ምስ ወታሃደራቱ ኣፍራሱን ኣቕሑን ዓረደ። ኣብ'ቲ ከባቢ ማይ ስለዘይነበረ ጽምኣት ኣጋጠሞም።

ኣብ'ዚ ጽንኩር ኩነታት እቲ ንጉስ ጤለበዱ ረኣየ፡ ሰዓባ ድማ፣ ኣብ ኣእማን ዝመልኦ ላዕሊ ጎቦ ምስ በጽሐት ጠጠው በለት እሞ ናብ ሓደ ጽሩይ ፈልፋሊ ማይ ገጻ ቀጸለት፤ ቀስ ቅድሚ ምንጽጻሩ ናብ ምስሊ ቅ.ድንግል ማርያም ተለወጠት። ሽዑ ሓያል ብርሃን ካብቲ ምሰሊ ወጺ፡ ሓደ ጻዕዳ ኢድ ድማ እና ኣመልከተ ነቲ ንጉስ “ ኣብ'ዚ ጎቦ ንወደይ ቤት ክርስትያን ክትሃንጸሉ ኢኻ” በሎ። ሃንደበት ድማ እታ ጤለበዱ ተሰወረት። ድሕር'ዚ ድማ ነቲ ንጉስ ብሕልሚ ቅድስቲ ድንግል ማርያም ነቲ ህንጻ ክሕንጽጸ (ዲዛይን) ክትሕግዞ ተራኢየቶ።

ገዳም ሲድናያ

እዚ ገዳም እዚ ናይ ሶርያ ኦርቶዶክስ ብእምነት ምስ ቅብጣዊት(ግብጻዊተ) ቤተ ክርስትያን ዝሳማማዕ እዩ። ኣሽሓት በጻሕቲ ህዝቢ ካብ ዝተፈላለየ ባህልን እምነትን ናብ'ዚ ኣማላድነት ናይ ቅድስቲ ማርያም ክሓቱ ይመጹ፣ ብዙሕ ኣደናቒ ነገራትን ታኣምራተን ድማ ይፍጸም።

ሓደ ካብ'ቲ ተኣምራት ጥሪ 2005 ብሰፊሕ ኣብ ተለቪዥን ናይ ሶርያ ዝተቓለሐ ኔሩ:: “ሓይሊ ፖሊስ ኣብ ኣገልግሎት ህዝቢ” ብዚብል ዝተፈነወ ኢዩ። ሓደ ስዑዳዊ ሰብኣይ ውላድ ክወልድ ስለዘይከኣለ ናይ ቅድስት ድንግል ማርያም ኣማላድነት ክሓትት ናብ ገዳም ሲድናያ ኣብ ግዜ ክራማት

ናብ ገጽ 11 ይቕጽል

ድንግል ናይ.........

ካብ 10ይ ገጽ ዝቐጸለ

2003 ከደ። ጸሎቱ እንተ ሰሚርሉ ነቲ ናብ'ቲ ደብሪ ዘብጽሖ ኣውቲስታ በዓል ሊሞዚን $ 20,000፣ ነቲ ገዳም ድማ 4 ዕጽፊ ክህብ ምኻኑ ተማባጺዑ ንዓዱ ከደ። ኣብ መወዳእታ 2004 ኣምላኽ ወዲ ብምውላድ ባረኾ። ካብ'ዚ ብቀጠታ ነቲ ኣውቲስታ ደዊሉ ካብ ኣየር ፓርት ናብ'ቲ ገዳም ክወስዶ መብጽዕኡ ክፍጽም ምኻኑ ነገሮ።

እቲ ኣውቲስታ ምስ ኣዕርኹቱን ኮይኖም ክቀትልዎ እሞ ነቲ $100,000 ኪወስድዎ ወሰኑ። ካብ ኣየር ፓርት ምስ ተቐበልዎ፣ ርእሱ ቆረጽዎ፡ ኩሉ ውሽጣዊ ህዋሳቱ(organs) ኣውጺኦም ነቲ ቁርጽራጽ ኣብ ሓደ ዓቢይ ሳንጣ ጌሮም ኣብ ድሕሪት ናይ'ታ መኪና መቐመጥ ኣቕሑ ኣቐመጥዎ። ድሕሪ'ዚ ክኸዱ ተበሉ መኪና ደው በለት(ምትሳእ ኣበየት) ፣ እሞ ሓገዝ ዘድልዮም እንተ ኾይኑ ፖሊስ ትራፊክ ክሕግዞም ደልዩ ሓተቶም። እቶም ሰባት ኣብ ዘይርጉእ

ናብ ገጽ 14 ይቕጽል

ቅዱስ ኣባ..........

ካብ 8ይ ገጽ ዝቐጸለ

ኣንጻር ሃጸይ ዮስጢኖስ ኣብ 532ዓ.ም ሽርሒ ብምልዓሉ እቲ ሃጸይ ስጉምቲ ኣብ ልዕሊኡ ክወስድ ስለዝደለየ ሃዲሙ ናብ ዓዱ ከደ ናብ እምኒ ምስባር ከምቀደሙ ድማ ተመልሰ። ቅዱስ ኣባ ዳንኤል ድማ ናብኡ ከይዶም ኣጸናንዕዎን ከም ቀደሙ ናብ ፍቕሪ ምሕጋዝ ድኻታት መለስዎ።

ቅዱስ ኣባ ዳንኤል ሓቀኛ ምስጢር ናይ'ታ ኣብ ሓደ ገዳም ናይ መነኮሳይያት(ገዳም ደቀንስትዮ ደናግል) ኣብ ግብጺ ነብሳ ከም ጽልልቲ ጌራ ንግስቲ ም'ኗና ከይተፈልጠት ትነብር ዝነበረት ቅድስቲ ኣናሲሞን ዝገለጹ እዮም። ከምኡ'ውን ተግባር ናይ'ቲ ኣብ ኣፍደገ ናይ መንበረ ፓትርያርክ ኮይኑ ዝልምን ዝነበረ ማርቆስ ዝበሃል ቅዱስ ዝነገሩ እዮም።

ሓደ ግዜ ሓደ ሰራቒ ካብ ሓደ ገዳም መነኮሰይያት(ገዳም ደቀንስትዮ) ክሰርቕ ደለየ'ሞ ብለይቲ ከም ኣባ ዳንኤል ተመሲሉ ናብ'ቲ ገዳም ኣተወ። ሓንቲ ካብ'ተን መነኮሳት ድማ ንሓንቲ ዓይና ዝዓወረት ክጽልየላ ለመነቶ። ንሱ ድማ ክርስትያን ብዘይምኻኑ ካብ'ቲ እግሩ ዝተሓጽበሉ ማይ ገጻ ክትሕጸብ ነገራ። እታ መነኮስ ኣዕይንታ ምስተከፍተ እቲ ሰራቒ ልቡ ተተንከፈ ብጉያ ድማ ናብ ኣባ ዳንኤል ክረኽቦም ወጸ ንሶም ድማ ፍሽኽ እንዳበሉ ተቐበልዎ'ሞ ናብ'ቲ ገዳም ክኣቱ ከሎ ብመንፈስ ምስኡ ከምዝነበሩ ነገርዎ። እቲ ሰራቒ ድማ ኣሚኑ ናቶም ተመሃራይ ኮነ።

ቅ.ኣባ ዳንኤል ብትሪ ንጉባኤ ኬልቄዶንን ንደብዳቤታት ፓፕ ልዮንን ኣብ ቅድሚ ልኡኻት ሃጸይ ዮስጢኖስ ብምቅዋሞም ብከቢድ መግረፍቲ ክሳብ ክሞቱ ዝቐርቡ ተሳቕዮም እዮም። ብሰንክ'ዚ ድማ ናብ ከተማ ታምቡክ ክስደዱ'ውን ተገደዱ ኣብ ጥቓ እዛ ከተማ ድማ ገዳም ሃኒጾም ክሳብ ዮስጢኖስ ዝመውት 565ዓ.ም ኣብኡ ተቐመጡ።

ኣባ ዳንኤል ምስ ታሪኽ እንድራኒቆስን ኣትናስያ ሰበይቱን ምትሕሓዝ ኣለዎም። እዞም ስድራ ኣብ ኣንጻኪያ ብጣዕሚ ሃብታማት ስድራቤት እዮም ኔሮም። ብሃንደበት ኩሎም ደቆም ስለዝሞቱ ብብርቱዕ ሓዘን ተዋሒጦም ነበሩ። ጸኒሖም ግና ናይ ተኣዛዝነት ህይወት ክመርሑ ጀመሩ'ሞ ምንኩስናዊ ህይወት ክመርሑ ወሰኑ። እቲ ሰብኣይ ናብ ቅ. ኣባ ዳንኤል ምስመጸ ንሰበይቱ ናብ ናይ ደቀንስትዮ ገዳም ከእትዋ'ሞ ክምለሶም መኸርዎ። ምስ ተመልሰ እንድራኒቆስ ንዓሰርተ ክልተ ዓመት ተመሃራይ ኣባ ዳንኤል ኮነ። ሓደ መዓልቲ ንሱ ቅዱስ ቦታታት ክርኢ ንኢየሩሳሌም ክኸይድ ደለየ'ሞ ኣብ መንገዲ ምስ ሓደ መነኮስ ተራኸቡ እንዳኸዱ ድማ ብሓንሳብ ኣብ'ቲ መንገዲ የዕልሉ ነበሩ። ኣብ'ቲ መንገዲ ድማ ካብ ኢየሩሳሌም ምስተመልሱ ብሓንሳብ ክነብሩ ተማባጽዑ። ብርግጽ ድማ ኣብ እስክንድርያ መበል 18 ገዳም (ኦክቶካይዲክያቶን) ሰፈሩ ን12 ዓመት ዝኣክል ድማ ኣባ ዳንኤል እንዳበጽሕዎም ብሓንሳብ ተቐመጡ። ኣብ መውዳእታ እቲ ካልኣዩ መነኮስ ዓረፈ'ሞ ሽዑ እንድራኒቆስ ምስኡ ዝነበረት ኣትናስያ ሰበይቱ ከምዝኾነት ተረድአ። ብድሕሪኡ ድማ ኣብ'ቲ ናታ ክፍሊ ንሓጺር ጊዜ ተቐመጠ።

ጸሎቶምን በረኸቶምን ምስ ኩልና ይኹን ኣሜን!!

> “ንኣምላኽ እንተደሊናዩ ክግለጸልናዩ፡ እንተ ሒዝናዮ ድማ ካባና ኣይክርሕቕን እዩ።” ኣባ ኣርሳንዮስ

ኣቡነ ሰይፈ ......

ካብ 8ይ ገጽ ዝቐጸለ

ኣቦና ጸለዩ'ሞ ኣብ ትሕቲ ከባቦ ቁሽ ዝበሃል ኣምላኽ ኣመልከተሎም፣ ብመስቀሎም ባረኽዎ ብበትሮም ነቲ ከውሒ ምስ ወግእዎ ከኣ ፈውሲ (ጸበል)'ውን ዝኸውን ብዙሕ ማይ ፈልፈለ።

9ተ ዓመት 6ተ ወርሕን ምስ ተቐመጡ፣ ኣቡነ ሰይፈ ሚካኤል ኣብ ጸሎት ከለዉ ኢጋምሽት መልኣኽ ናብኦም መጺኡ ሕጂ ናብ'ታ ገዳም ከእትወካስ ንዓ ሰዓበኒ” ኢሉ በቲ ሎሚ ማይ ጥምቀት ተባሂሉ ዝጽዋዕ ቦታ ኣብ'ቲ ገዳም ኣተዉ። ንኣብ ንወልድ ንመንፈስ ቅዱስ ድማ ምስጋና ይግባእ ኢሎም ኣመስገኑ። ሽዑ እቲ መልኣኽ ሰላምታ ሂብዎም ንሰማይ ዓረገ፣ ነታ ገዳም ብመስቀል ባረኽዋ ሽዑ ሰይጣን ሰንበደ ብዓውታ ድማ ኣእወየ ጨረሐ'ውን ወደቐ'ሞ ከም ትኪ ከኣ በነነ። ኣቦና ግን ምልእቲ ለይቲ ብስም ሰላሴ “ንተመን ንዕንቅርቢት፣ ኣብ ልዕሊ ኩሉ ሓይሊ ጸላኢ'ውን ክንረግጽ ስልጣን ዝሃብካና ንስኻ እንዲኻ”(ማር16፡18) እናበሉ ብሓይሊ መንፈስ ቅዱስ ክሳዕ ዝነግህ ንእግዚኣብሄር ምስጋና ኣመስገኑ።

ንጽብሒቱ ብጸሎት ኣቦና ሰይፈ ሚካኤል ቅድስት ድንግል ማርያም ደቆም ኣብ'ቲ ናይ ቀደም መሕደሪኦም ኣብ ከባቢኦም እናደለይዎም ከለዉ፣ ክብርቲ ሰበይቲ መሲላ ተገልጸትሎም'ሞ ናብ'ቲ ለዋህ መንፈሳዊ ዝኾነ ኣቦኹም ከብጽሓኩም በለቶም። መን ም'ኗና ከይፈለጡ ኣብኡ ዘይፈልጥዎ ቦታ ዘሎ መሲልዎም ተንሲኦም ደድሕሪኣ ሰዓቡ። እታ ገዳም ጻዕዳ እምባ ሽዑ መንገዳ ቀጢን ብዘይ ጽፍሒ እግሪ ካልእ ዘይትኣክል ክነሳ እናተገረሙ ተንሲኦም ሰዓብዋ ኣዝያ ከኣ ኣሸጋሪት እያ። እቶም ኣርድእቲ ኣቦና ድማ ነታ መንገዲ ምስ ረኣይዋ ፈርሁ ደንገጹ'ውን ከም'ዚ ከኣ በሉ ነዛ በትሪ እትመስልን ክንዲ ሓንቲ መንገዲ እግሪ ዘይትኣክልንሲ ከመይ ጌርና ክንሰግራ ኢና በሉ። እግዝእትነ ማርያም ግና ባረኸቶም ካብ ልቦም'ውን ፍርሒ ኣርሓቐትሎም

ናብ ገጽ 12 ይቕጽል

ሕቶታት

1. እንሆ ኣሕዋት ብሓደ ሓቢሮም ክነብሩስ ክንደይ ሰናይን ጥዑምን እዩ ዝብል ኣብ መዝሙር ክንደይ ይርከብ?

2. እቲ መሲሕ ንእግዚኣብሄር ከይርኣዮ ከምዘይመውት ከምዝርኢ ድማ ብመንፈስ ቅዱስ ዝተገልጸሉ ቅዱስ ሰብ መን እዩ? ምስ ርኣዮ'ኸ እንታይ እሉ ተዛሪቡ?

3. ኣነ ኣነ ኢየ እግዚኣብሄር ብጀካይ መድሕን የልቦን ዝብል ኣበየናይ ምዕራፍን ቁጽርን ይርከብ?

4. ካብ መዝሙር ዳዊት እታ ዝሓጸረት ምዕራፍ ክንደይ ኢያ? ክንደይ ቁጽርታት'ከ ኣለዋ?

5. ኣምላኽ ንቕዱሳን ሰባት፣ መልኣኹ ልኢኹ ብስራት ካብ ዘበሰሮም ገለ ስመ? ስም እቲ ኣበሳሪ መልኣኽ ግለጽ፤ ምዕራፍን ጥቅስን ግለጽ?

6. ነብይ ሳሙኤል ሓደ እምኒ ወሲዱ ኣብ መንጎ እስራኤላውያንን ፍልስጥኤማውያንን ምስ ኣንበሮ እንታይ ኢሉ ሰምዩዎ?

7. ንጣኦታት ነቡካድነጻር ፍግም ኢልና ኣይንሰግድን ምስበሉ ኣብ ጉሁር እቶን ሓዊ ዝተደርበዩ እሞ ኣምላኽ ብተኣምራቱ ዘናገፎም በዓል መን እዮም?

8. ንጉስ ቤልሻጽር ዓብይ ምሳሕ ጌሩ ብዝተማረኹ ንዋየ ቅዱሳት የሩሳሌም ጌሩ ምስ ሰተየ፡ንኣማልኽቱ ምውዳስ ምስ ጀመረ " ኣብ'ቲ መንደቕ ኣጻብዕ ኢድ ሰብ ወጺኑ ጸሓፋን። እቲ ጽሑፍ እንታይ ኢዩ? ኣበይ ይርከብ? ትርጉሙ' ከ እንታይ ኢዩ?

9. ንዝሓመመ ብዘይቲ ከም ዝቕባእ ዝገልጽ ጥቕሲ ጥቐስ?

10. መርዓ ካብ ኣምላኽ ስለዝኾነ ማንም ሰብ ክፈትሖ ከም ዘይግባእ ዝገልጽ ጥቕሲ ግለጽ?

11. ብዛዕባ ሜሮን ዝገልጽ ጥቕሲ ግለጽ?

12. ብዛዕባ ንስሓ ዝገልጽ ጥቕሲ ጥቐስ?

13. ክርስቶስ ፈጣሪ ምዃኑ ዝገልጽ ጥቕሲ ጥቐስ?

14. ብዛዕባ ትንሳኤ ሙታን ኣስፊሑ ዝገልጽ ምዕራፍ ጥቐስ?

"ብመጠን እቲ ነፍሲ ዝተዳኸመቶ ስጋ ትሕይል። ብመጠን እቲ ስጋ ዝተዳኸመቶ ድማ ነፍሲ ትሕይል"
ኣባ ዳንኤል

"ኣነ ግና እብለኩም ኣሎኹ ብመንፈስ ተመላለሱ ትምኒት ስጋ ኣይክትፍጽሙን ኢኹም"
ገላ 5 ፡15

ኣቡነ ሰይፈ ....

ካብ ገጽ 11 ዝቐጸለ

ሽዑ ብቕጽበት ኣሳገረቶም፤ ናብ ኣቦኦም ከኣ ኣብ ውሽጢ ገዳም ምስ ኣእተወቶም ተሰወረት ምስ ኣቦኦም ድማ ተራኸቡ። ደቆም ድማ ምስ ረኣይዎም ኣዝዮም ተሓጎሱ ናብኦም ምስ መጹ ድማ እግሮም ሰዓሙ ንሶም'ውን(ኣቦና) ብሓጎስ ክሳዶም እናሓቆፉ ሰዓምዎም።

ነታ ገዳም ላዕልን ታሕትን የማንን ጸጋምን እናበሉ ምስ ረኣይዋ፣ ነቲ ሕሩይ ኣቦኦም ድማ ብሓቂ እዚኣ ናይ መለኮት ክብሪ ኣብ ልዕሊኣ ዝተራእየ ደብረ ታቦር እያ ካልኣይቲ ደብር ኤራር እያ በልዎም። ኣቡነ ሰይፈ ሚካኤል ከኣ ነቶም ደቆም ኣብ'ዚ ቦታ'ዚ በየናይ መጺእኩም ነዚ መንገዲስ መን ኣርኣየኩም በልዎም። ንሳቶም ድማ እቲ ዘጋጠሞም ነገርዎም። ኣቡነ ሰይፈ ሚካኤል ከኣ ክምስ በሉ ንደቆም ድማ እታ ዘሳገረትኩም እግዝእትነ ማርያም ምዃና ኩሉ ነገርዎም። ነዚ ምስ ሰምዑ ኣዝዮም ተሓጎሱ ንእግዚኣብሄር ከኣ ኣመስገንዎ፤ ንእግዝእትነ ማርያም ወላዲት ኣምላኽ'ዉን ወደስዋ። ኣቦና ድማ ነቶም ደቆም ብኽመይ ከም ዝኣተዉዋ ኩሉ ነገርዎም'ሞ ተደነቑ።

ኣቡነ ሰይፈ ሚካኤል ድማ ነታ መንገዲ ምስረኣይዋ ኣዝዮም ተደነቑ እዚ ከኣ ካብ ምቕጣናን ንምርኣያ'ውን እተደንቕ ምዃናን እዩ፣ ስማ ከኣ "ጸናፌ ጽልመት" ኢሎም ሰመይዋ ክሳዕ ሎሚ'ውን ብእኡ እያ እትጽዋዕ። ሽዑ ቤት-ክርስትያንን ቤተ ማሕበርን ሰርሑ ነቲ ታቦት ድማ ብስም **ስላሴ** ገበርዎ። ከም ኩሉ ገዳማት ድማ ማሕበር ኣቆሙ፣ ቃል ሃይማኖትን ናይ መነኮሳት ቀኖናን ድማ ይምህሩ ነበሩ፤ ለውሃቶምን ትሩፋቶምን ምእንቲ ሃይማኖት ዝገበርዎ ኩሉ ኣብ ኩሉ ሰብ በጽሐ፡ ኩሉ'ውን ብእኦም ይዛረብ ነበረ።

ጽኑዕ ሃይማኖት ዝነበሮ ንጉስ ኢያሱ ኣድያም ሰገድ ብምሉእ ልቡ የፍቅሮም ነበረ'ሞ መንግስቱ ክባርኹሉ ንነንደር ይዕድሞም ብዙሕ ግዜ ይኸድዎ ምስጢር ሃይማኖት ይምህርዎ ነበሩ ንሱ ፍቕሪ እግዚኣብሄር ዘለዎ ብምዃኑ ሰፊሕ ጉልቲ ንገዳሞምን ብዙሕ መባእ ነቶም መነኮሳት ዝኸውን ህያብ መጻሕፍትን ናይ ወርቂ መሳቕልን ብዙሕ ቀሳቒሳትን ሃቦም። ከም'ዚ ልምዲ እዚ ማለት ንነዳያንን ንሽጉራትን ምምጽዋት፡ ንገዳማትን ኣድባራትን ድም ህያባት ምሃብ ምእንቲ ፍቕሪ ክርስቶስ'ውን ንቕዱሳን ሰላም ምባል ስለዝነበሮ እዩ። ኣብያተ ክርስትያናት'ውን ይሃንጽ ነበረ። ኣቡነ ሰይፈ ሚካኤል ካብ ንጉስ ኢያሱ ንገዳሞም እዚ ኹሉ ክብሪ ሒዞም ብጸጋን ብሞገስን ንዓዶም ተመልሱ።

ኣብ መንገዶም ኣብ ኩሉ ዓድታት ትምህርቲ ሃይማኖት እናመሃሩ ተኣምራት እናገበሩ ብዙሓት ገዳማት ኤርትራን ኢትዮጵያን በጽሑ ኣብ ኩሉ ገዳማት ዝርከቡ ቅዱሳን ድማ ብቕድስናኦም ብጸጋኦም እናተደነቑ ብኽብሪ ይቕበልዎም'ሞ በረኸቶም ይለዋወጡ ነበሩ።

ኣቦና ከኣ ቃል **እግዚኣብሄር** እናመሃሩ ኣብ ዝተዛወርዎ ቦታ ድማ ዓቢይ ተኣምር ይግበሮሎም ነበረ፤ ክሳብ ትምህርቶም ዝቕበሉ ንኹሎም ሕሙማት ይፍውሱ ነበሩ።

ንሃገሮም ምድሪ ሓማሴን ምስተመልሱ ከኣ ናብ'ቲ ገዳሞም ወገራቅ ወሪዶም ናብ ኩሉ ምድሪ ዓንሰባ ቃል **እግዚኣብሄር** እናመሃሩ ነቶም ደቆም ምእመናን እናረኣይዎምን እናተመላለሱ ኣብ ሓቀኛ እምነት'ውን የጽንዕዎም ነበሩ።

ኣቡነ ሰይፈ ሚካኤል ኣብ ኣምላኾም ብጾምን ብጸሎትን ጽኑዕ ገድሊ ይጋደሉን ጸሓይ ዓሪባ ክሳብ ትበርቕ ብስግደት ይተግሁ ነበሩ።

ናብ ገጽ 15 ይቕጽል

ወደየ ተመለስ

ወደየ ተመለስ ናበይ ኮን ደሊኻ
መዕለቢ ሲእንካ ትኸይድ ዘለኻ
እቲ ሕያው ንሳ ከናዲ ነዓኻ
ይብለካንድዩ ዘሎ ተመለስ በጃኻ
እጆውዕ ኣለኹ ወደየ ስምዓኒ
ኣለሊ'ቲ ድምጺ እስከ ሆይ በለኒ
ካብ'ዛ መንበሪኻ ኣርሒቕካ ዝኸድካ
ስለምንታይ ወደየ ንዓለም ፈቲኻ
እዚ ዘለኻዮ መንገዲ ናይ ዓለም
ከንቱ'ዩ ወደየ የብሉን ዝጠቅም
ስምዓኒ ወደየ ድሕነት ክህበካ
ሂወትካ ኣንብራ ምሳይ ምስ ኣቦኻ
ንወልድ ኣሚንካ ምንባር ይሕሸካ
መንገዲ ዓለም'ሲ ጥፍኣት'ዩ ሕልፈትካ
መንበሪ ናይ ጎይታ ሓደ'ዩ ሰፈሩ
ወሪዱ ካብ ሰማይ ብተዋህዶ ከቢሩ
ሰላሙ ዝበዝሓ ዘይትናወጽ ፍጹም
ብደም ዝፈለያ ክርስቶስ ካብ ዓለም
ንስኻ ወደየ ዘለኻዮ ሂወት
ኣምጺእልካ ምምራጽ ንኻልኦት
ኣቦታት
ጸላኢ ተሓጊሱ ረኺቡ መንገዲ
ወዲ ምስ ኣብኡ መፍለይ ከናዲ
በጃኻ ተመለስ እቶ ናብ ገዛኻ
ትጽበየካ'ላ 'ታ ማርያም ኣዴኻ
ብየማኑ ኮይና ንዓኻ ክትልምን
ርሒቕካያ ኬድካ ሓሪኻ ንዓለም
ናበይ ኮን ደሊኻ በጃኻ ተመለስ
ሲኦል'ያ ተእቱ መንገዲ
ዲያብሎስ
ሓደ ኢና እናበለ ከጋጊ ንዓኻ
ንስኻ 'ውን ኬድካ ኣሰሩ ሲዕብካ
ገዛ ናይ ኣቦኻ ዑና ንኸገብር
ጸላኢ ሰናያት ወትሩ እዩ ዝጽዕር
ክፉእ ምፍልላይ ንዘለዋ ሂወት
ልብኻ መሊኡ ብኮንቱ ኩርዓት
ኣፍካ 'ውን ይዛረብ ጉራ
ትምክሕትነት
ከማይ 'ከ መን ኣሎ ትብል
ብትዕቢት
እዚ ደኣ መዓስ ክህበካ ሰላም
ካብ ጎይታ ኣርሒቁ ዘእቱ ናብ ጸላም
ልብኻ ስበሮ ተንበርኪኽካ ቅድሚኡ
ኣፍካ ንምስጋና ክፈቶ ንፅኡ
እግዚኣብሔር'ዩ ሓያል ካብ
ጥንቲ ካብ ቀደም
ኣቦ'ውን ንሱ'ዩ ንናይ ዓለም ሰላም
መንበሪ ዝፋኑ ተዋህዶ'ያ መጺኡ ዘዕርፈላ
ብቃልኪዳን ታቦት ስሙ ዝኸብረላ
ብፍቅሪ ሓድነት ኩሉ ዝነብረላ
ስለዚ ወደየ ይብለካ ኣለኹ
ተመለስ ገዛኻ
መገድኻ ኣላሊ ሕቆፎ ናይ ኣቦኻ
እቲ ዘለኻዮ ናይ ሂወት ጎደና
ናብ ናይ ሲኦል ሓዊ ተእቱ 'ተኾይና
ወደየ ተመለስ ምድሓንካያ ሎሚ
ጸባሕ ኣይናትካን'ዩ መንገድካ መሚ

ወስብሓት ለእግዚኣብሔር

ምስ እግዚኣብሔር.......

ካብ ገጽ7 ዝቕጸለ

እምነትና እያ። ካብ"ዚ ምስጢር ወጻኢ ዝኾነ ፍልስፍናዊ ሓሳባት ዘምጽእ ወይ ዝኣምን ድማ ካብ እምነት ኦርቶዶክሳዊት ተዋህዶ ቤተ ክርስትያን ወጻኢ እዩ።

ስለዚ እግዚኣብሄር ኣምላኽና ከም"ዚ ኣብ ጸሎተ ሃይማኖት ዝተገልጸ እንተኾይኑ፡ ዕላማኡ'ኸ እንታይ እዩ? ናትና"ኸ?፦

ሀ. ዕላማ እግዚኣብሄር፦

እምበኣርከስ ኣምላኽ በቲ ሓደ ወዱ ዝኣመነ ኹሉ ናይ ዘልኣለም ህይወት ምእንቲ ክረክብ እምበር ከይጠፍእሲ፡ ንወዱ በጃ ክሳዕ ዝህብ ክሳዕ ክንድ"ዚ ንዓለም ኣፍቀራ። ኣምላኽ ንወዱ ብእኡ ክትድሕን እምበር፡ ንዓለም ክፈርድ ኣይለኣኾን። (ዮሓ 3፡16-17) ምእንታና ምእንቲ ድሕነትና ካብ ሰማያት ዝወረደ። (ጸሎተ ሃይማኖት) ከምዚ"ውን ይብል ኣነ ዝመጻእኩ ህይወት ብምልኣት ክረኽባ (ክህበኩም) እየ ዝመጻእኩ። (ዮሓ10፡10) ሽዑ ኣይሁድ ኣኸበብዎ እሞ ክሳዕ መዓስ ኢኻ ላሕ እተብለና፡ ንስኻ ክርስቶስ እንተኾንካ፡ ኣግሂድካ ንገረና በልዎ። ኢየሱስ መለሰሎም፡ ነጊረኩም ኣይኣመንኩምንን፡ ንስኻትኩም ግና፡ ከም"ቲ ዝበልኩኹም፡ ካብ"ተን ኣባጊዐይ ስለዘይኮንኩም፡ ኣይትኣምኑንን ኢኹም። እተን ኣባጊዐይ ግና ድምጸይ ይሰምዓ፡ ኣነ ኸኣ የለልየን፡ ንሳተን'ውን ይስዕባኒ። **ኣነ ኸኣ ህይወት ዘልኣለም እህበን ንዘልዓለም** ድማ ኣይጠፍኣን እየን፡ ካብ ኢደይ'ውን ዝምንዝዐን የልቦን። (ዮሓ10፡24-28) ስለ'ዚ ቅዱስ እግዚኣብሄር ኣምላኽና ዕላማኡ፡ ኩሉ ሰብ ብእኡ ኣሚኑ፡ ቃሉ ሓልዩ ምስኡ ክንነብር እሞ ናይ ዘልኣለም ህይወት ንክንወርስ እዩ፡፡ እሞኸ ድኣ ዕላማናኸ እንታይ እዩ።

ለ. ዕላማና እንታይ እዩ፡

እምበኣርከስ ዕላማና ድማ ምስ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ምንባር እዩ።

ምስ እግዚኣብሄር ምንባር እንታይ ማለት እዩ፡

ሃረርታ ቅዱሳን፦ቅዱሳን ብሙሉኦም ምስኡ ንምንባር ካብ ዝነበሮም ክቱር ሃረርታ ዝተላዕለ፡ ዘለዎም ኩሉ ነገር ናይ"ዚ ዓለም ገዲፎም ብጸሎትን፡ ብብክያትን፡ ብጾምን ንዓይ ንሓጢኣተኛ ምሳኻ ክነብር ኣፍቅደለይ ወይ ዓድለኒ ይብሉ ነበሩ ከም ኣብነት እንተወሲድና፦

ቀዳሞት ኣቦታት ኣዳምን ሄዋንን በቲ ዝገበሩዎ ሓጢኣት ካብ ገነት ወይ ካብ ምስ እግዚኣብሄር ምንባር ምስ ተባረሩ፡ ብዓብይ ሓዘንን ጓሂን ብንብዓት ተጣዒሶም ናብ"ዚ ህልውና እግዚኣብሄር እተስተማቅረሉ ህይወት ማለት ናብ ምስ እግዚኣብሄር ምንባር ንኽምለሱ ሃረር ይብሉ ነበሩ። (ዘፍ 3፡23)

ደቂ እስራኤል ካብ ሃገረ ግብጺ ወጺኦም ናብ"ታ መዓርን ጸባን እተውሕዝ ሃገር ከነኣን ሃገሮም እናተጓዕዙ ኣብ ምድረ በዳ ከለዉ፡ ኣብ ከረን ሲና ምስ በጽሑ፡ እግዚኣብሄር ንሙሴ ናብ"ቲ ከረን ንክመጽእ ብዝሓበሮ መሰረት፡ ትርኢት ክብሪ እግዚኣብሄር ድማ ነዒንቲ ደቂ እስራኤል ከም ዝባላዕ ሓዊ ኮይኑ ኣብ ርእሲ እቲ ከረን በዒንቲ ደቂ እስራኤል ተራእየ። ሙሴ ድማ ናብ ማእከል እቲ ደመና ኣተወ ኣብ"ቲ ከረን ድማ 40 መዓልትን ለይትን ገበረ። ስለ"ዚ ሃረርታ እስራኤላውያን ካብ ኣምልኾ ጣኦት ናብ ኣምልኾተ እግዚኣብሄር ወይ ናብ"ቲ መዓርን ጸባን እናተመገብካ ምስ እግዚኣብሄርን ምንባር እዩ ኔሩ። (ዘጸ 24)

ቅዱስ ዘማራይ ዳዊት ንሃረርታኡ ክገልጽ ከሎ ከም"ዚ ይብል ካብ ሽሕሲ ሓንቲ መዓልቲ ኣብ ኣጸድካ ትሓይሽ እያ"ሞ፡ ኣብ ድንኳን ረሲኣን ካብ ምንባርሲ ኣብ ቤት ኣምላኸይ ሓላው ደገ ምኻን ይሕሸኒ። (መዝ 84፡10) ናይ ሰለሞን መሃልየ መሃልየ ድማ ሃረርታ፦

ነፍስና ምስ እግዚኣብሄር ምንባር ብኻልኣይ ትርጉም ድማ እስራኤላውያን ምስ እግዚኣብሄር ምንባር፡ ይገልጸልና።

ናብ ገጽ 16 ይቕጽል

ስቕለት......

ካብ ገጽ 9 ዝቐጸለ

ናብ ጸላም ቤት ማሰርቲ ኣሕሊፍና ክንህብ፡ ብግቦ ሓውና ክንቐትል፡ ቤትና ብጽጋብ መሊኡ ኣብ ሕማም ኣድሂቡልና ገለ ኽኣ ድራር ዕለት ስኢኖም ክሳቐዩ ከለዉ ስቕ ኢልና ክንርኢ፡ ንሓውና ናቱን ዘይናቱን እናሃብና ሰላም ክንኸልእ፡ ብቑጽሪ ኣዚና ብዙሓት ኢና እሞ'ኸዳኣ ካብ ኣይሁድ ዝፈልና እንታይ ኣሎ፡ ዝፈልና እንተ ኣሎ ብኣካል ንጎየታ ስለዘይሰቐልና ጥራሕ እዩ። እምበኣርከስ ቃል ጎይታ ዝብል ንሓደ ካብ'ዞም ነኣሽቱ ኣሕዋተይ እንተ ገበርኩም ንዓይ ከምዝገበርኩምዎ ብሓቂ ብሓቂ እብለኩም ኣለኹ። (ማቴ 25፤40)

ስለ'ዚ መልእኽቲ መስቀል ተረዲእና ብንስሓ ተሓጺብና፡ ብፍቕሪ፡ ብቕድስና ንጎይታ ክንጽበዮ ኣርኣያ ገዲፉልና እዩ።(1ይ ጴጥ 2፡21) ምጽኣት ጎይታ ብዘይ ተፈልጠ መዓልቲ ልክዕ ከም'ቲ በዓል ቤት፡ ሰራቒ ዝመጸላ ሰዓት ዘይፈልጣ፡ ከምኡ ድማ ጎይታ ብዘይተፈልጠት መዓልትን ሰዓትን መጺኡ ክወስደና ምኻኑ ፈሊጥና፣ ኩሉ ግዜ ነቒሕና ክንዳሎ ይግባእ። ኣየ ሰብ ምረት ሲኦልን ጣዕሚ መንግስተ ሰማያትን እንተ ዝርኢ በጃ ነብሱ እንታይ ዘይምሃበ። እቶም ነዚ ዝፈለጡ ቅዱሳን ንሕና ሃገርና ኣብ

ሰማያት ኢዩ ፊል3፤20-21፡ ንዓይ ሂወተይ ክርስቶስ እዩ ምማት ከኣ ረብሓይ ኢዩ ንዓይ ዝሓይሽ'ሞ ክፋኖ ምስ ክርስቶስ ክነብር ሃረርታ ኣሎኒ ፊሊ1፤20-21፡ ሞቶምሰ ለጻድቃን ህይወቶሙ ውእቱ ከምዝብል ቅዱሳን ንሞት ይህወኹ። ማር-ይሳቅ'ውን "ብናይ ሞት ፍርሒ ልቢ ዓሻ ይርበሽ፡ ጻድቕ ግና ህይወት ስለዘፍቅር፤ ንሞት ይምነ" ይብል። ንሕና ግና ሓደ ሰብና ምስ ዝሞተና ዓመታት ንበኪን ነስቆርቊርን ምኽንያቱ ሓሳብና እዛ ዓለም እዚኣ ስለዝኾነት ጥራይ ኢዩ።እዚ ከኣ ደድሕሪ ንፋስ ምጉያይ እዩ። ከም'ቲ ሃዋርያ ቅዱስ ጳውሎስ ኣብ መልእክቱ ዝበሎ ኣብ'ዚ ዓለም ምምባር ንዓና ስቕያት'ዩ ግና ብኢድ ሰብ ዘይተሰረሐት ኣብ ሰማያት ቤት ኣላትና'ሞ 1ይ ቆሮ 5፤1 ኩላትና ክንወርሳ ንጽዓር።

ስለዚ ክርስቶሳውያን ኣብ ሓጢኣት ንነብር እንተሃሊና ንጎይታናን ኣምላክናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ካልኣይ ግዜ ንሰቕሎ ከም ዘለና ተረዲእና ብንስሓ፣ ነቲ ጎይታ ምእንታና ዝተገርፎ መግረፍቲ ኣብ ርእሱ ዝተገብረሉ ኣኽሊል እሾኽ ዝተወግአ ጎኑ ብመስማር ዝተሸንከረ ሰብነቱ እናዘከርና ብቕድሰናን፣ ብንጽህናን፡ ብፍቕርን ስኒትን ንንምበር እሞ ኣኽሊል ህይወት ክንወርስ ኢና።

ጸጋ ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስን ፍቕሪ ኣምላኽን ሕብረት መንፈስ ቅዱስን ምስ ኩልና ይኹን ኣሜን!!

ፍቕሪ ብዘይ......

ካብ 7ይ ገጽ ዝቐጸለ

ኣብ "ፍቁራተይ ምፍዳይ ሕነ ናተይ እዩ፡ኣነ ክፈድዮ እየ ይብል'ዩ'ሞ፡ ቁጥዓ ኣምላክ ባዕሉ ክፈድዮ ሕደጉሉ እምበር ባዕልኻትኩም ሕነ ኣይትፍደዩ፡" ይብለና።(ሮማ 12፡19) እዚ ሰብ እዚ ክፉእ ጌሩኒ እዩ እሞ ክፉእ ክገብሮ ኣለኒ ክንብል የብልናን። ክፉእ ኣብ ክንዲ ክፉእ ኣይትፍደዮ እዩ ዝብለና። ስለዚ ኩሉ ግዜ ንዝበደሉና በደሎም ሓደግቲ ክንከውን ይግባኣና።ፍቕሪ እንተ ዘይብልና ዋላ እንተ ጸለና፡ ዋላ እንተ ሰገድና፡እንተ ጾምና፡እንተ መጽወትና ኣብ ኣምላክ ኣይበጽሕን እዩ'ሞ(1ቆሮ13)ንፍቅሪ ክንላበሳ ይግባኣና።

እምበኣር ከም ፍቁራት ዉሉድ ኣምላክ ምሰሉ፡ ከምቲ ክርስቶስ ዘፍቀረና፡ ከም ሓደ ምኡዝ ዝሽትኡ ሞባእን መስዋእትን ጌሩ ከኣ ንገዛእ ርእሱ ምእንታና ኣሕሊፉ ዝሃበ፣ ንስካትኩም ውን ብፍቕሪ ንበሩ ከም ዝበለና ብፍቅሪ እናተኸባበርናን እንዳተደናገጽናን እንዳተፋቐርናን ንንበር።

ስብሐት ለእግዝኣብሔር

ድንግል ናይ.........

ካብ ገጽ 11 ዝቐጸለ

መንፈስ(ፈርሒ) ስለዝነበሩ እቲ ፖሊስ ነቲ ናይ ድሕሪት ክኸፍትዎ ሓተቶም። ክኸፍትዎ ከለው፣ ኣይትክፈትዎ ሓንሳብ ድንግል ማርያም ምስ መላእኽቲ ክሳደይ የዕርዩኒ (ይሰፍዩኒ) ኣለው ዝብል ድምጺ ናይ'ቲ ስዑዳዊ ሰብኣይ ሰምዑ። ኣብ መወዳእታ ምስ ከፈትዎ፣ እቲ ስዑዳዊ ሰብኣይ፣ ብዘይካ ናይ ዝታዓረየ ምልክት ኣብ ክሳዱ እምበር ጎደሎ ዘይብሉ ወጸአ።

እዚ ፍጻመ እዚ ብናይ ሰብ ኣታሓሳስባ(human science) ልዕሊ ዓቅምና እዩ። ኣምላኽና ኣምላኽ ህያውያን እዩ፣ ኣዴና ቅድስቲ ማርያም ምስ ቅዱሳን ድማ ኣብ ምስፋሕ መንግስቲ ኣምላኽ ኩሉ ግዜ ንድሕነት ደቂ ሰባት ይሰርሑ።

ጸሎትን ሓገዝን ቅድስቲ ድንግል ማርያምን ኩሎም ቅዱሳንን ኣይፈለየና። ኣሜን!!

ምንጪ መጽሓፍ፡ saint mary's modern miracle

ኣቡነ ሰይፈ ....

ካብ ገጽ 12 ዝቐጸለ

ንነፍሶም'ውን ብሕልናኦም እናሓሰቡ ኦ ነፍሰየ ጥራይኪ ኴንኪ በቲ ዕለት ፍርዲ ኣብ ቅድሚ ፈጣሪ እንታይ ክትምልሲ ኢኺ? ይብልዋ ነበሩ። ኣቲ ጥፍእቲ ስጋይ ንምንታይ ትህከይ ንምንታይ'ከ ሸለልትነት ተብዝሒ? ኣብ ልዕሌኺ ናይ ሞት ፍርዲ ከሎ፣ ኣነ እንታይ ሃካይ ባርያ እየ፣ ወርቀይ ወሲደ መኽሊተይ ዘየርባሕኩ? ንምንታይ ዕረፍቲ ትደልይ? ኦ ነፍሰይ ኣብ ልዕሌኺ ናይ ኩነኔ ፍርዲ ተዳልዩ ከሎ ኣብ ቅድሚ እቲ ገጽ ርእዩ ዘየዳሉ መኮንን ኦ ነፍሰይ እንታይ ክትምልሲ ኢኺ? ብኸም'ዚ ተግባር ንነፍሶም ይግስጽዋን ይቐጽዑዋን፡ መዓልትን ለይትን ፈጺሞም ከየቛረጹ ይበኽዩ ነበሩ፡ ካብ ጽንዓት ገድሎም ዝተላዕለ ድማ ስጋኦም ተወዲኡ ምንቅስቓስ ሰኣኑ። ምእንቲ ሓጢኣተኛታት ሓጢኣቶም ይቕረ ክብለሎም ናብ ኣምላኾም ምስለመኑ

ኣምላኽ ጽንዓቶምን ተጋድሎኦምን ርእዩ ጸሎቶም ሰሚዑ ምስ ኣእላፍ መላእክቱ ናብኦም ወረደ ሱራፌልን ኪሩቤልን ከኣ ቅዱስ ቅዱስ ቅዱስ እግዚኣብሔር ጎይታ ሰራዊት ክብሪ ምስጋናኻ ሰማይን ምድርን ምሉእ እዩ እናበሉ ኣብ ዙርያኡ ቆሙ "ኦ ፈታውየይ፣ ሰላምታ ነዓኻ ይኹን በሎም ካብ'ቶም ሱራፌል ከኣ ሓደ ጸዊዑ ናብኦም ቀሪቡ ኣተንስኦም'ሞ። ኩሉ ኣካላቶም ኣሐደሱ፣ ወንጌል ክምህሩን ሕሙማት ክፍዉሱን ሃይማኖት ከቕንኡን ስልጣን ሂብዎም ሰላመይ ምሳኻ ይኹን።" ኢሉ ኣብ ልዕሊኦም ኡፍ ኢሉ መንፈሳዊ ሓይሊ መልኦምን ኣጽንዖምን ካብኡ ብዓብይ ክብሪ ንሰማይ ዓረገ። ንሶም ድማ ብገጾም ተደፊኦም ሰገዱ፣ ብመንፈሳዊ ሓጎስ'ውን ተሓጎሱ ንፈጣሪኦም ከም'ዚ ብምባል ኣመስገኑ "ንሓጢኣተኛ ባርይኡ እዚ ጸጋ'ዚ ዘይመጠነይ ዝሃበኒ ኣምላኸይ ይመስገን ስም ጎይትነቱ'ውን ይባረኽ"።

ናይ ገድሎም ዜና ሰሚዖም ድማ ካብ ኩሉ ዓድታት ብዙሓት ህጻናት መንእሰያት ናብኡ ተኣከቡ መንኰሶም ድማ ብጾምን ብጸሎትን ብስግደትን ንእግዚኣብሔር ኣገልገሉ፣ ስርዓተ ምንኩስናን ቀኖና ሓዋርያትን ይምህርዎም ነበሩ። ከምኡ ድማ ናብ ኩሉ ዓዲ እናኸዱ ወንጌል ይሰብኩን ነቶም ህዝቢ የጸናንዕዎምን፣ እቶም መናፍቓን ግና ንትምህርቶም ይከራኸርዎ ስለዝነበሩ ስሕተቶም እናጋለጹ'ውን ብቓል መጻሕፍቲ የረድእዎምን ይረትዕዎምን ነበሩ፡ ካብ ክሕደቶም ይመልስዎምን ነበሩ፣ ብሓይሊ ኣምላኾም የውግዝዎም'ሞ ብወሬኦም ይርዕዱ ነበሩ። ወንጌል እናሰበኹ ቃል እግዚኣብሄር እናመሃሩ'ውን ናብ ኩሉ ምድሪ ቦጎስን ኣስገደን ክሳዕ ሃገረ ናግራን ይኸዱ ነበሩ። ንኹሉ ሰብ ናብ ፍልጠት እግዚኣብሄር ክሳዕ ዝመልሱ ክሳብ ጫፍ ባሕሪ በጽሑ።

ነታ ብደም ዕውታት ሰማእታትን ጻድቃንን ዝተጋረደት ቁጽሪ ዘይብሎም ዝተሰወሩ ቅዱሳን ዘለውዋ ናይ ሃገረ ናግራን ቤተ ክርስትያን ድማ ኣሐዲሶም ከም ቀደማ ንጹሃን ሰብኡትን ኣንስትን እተጋብእ ዓባይ ገዳም ገበርዋ።

ንጉስ እያሱ ናይ መንግስቱ ግዝኣት ክሳብ ወሰን ኖባ(ሱዳን) ይበጽሕ ነበረ። ገዳም ጻዕዳ እምባ መጺኡ ምስረኣዮ ድማ ደስ በሎ፣ ኣብ ጎንደር ድማ ንኣቦና ኣብ ገዳም ጻዕዳ እምባ ንንጉስ ኢያሱ ቤት ክሰርሕሉ ስልጣን መንግስቱ ንወዱ ተክለሃይማኖት ኣረኪቡ ኣብኡ ክቕመጥ ብዝሓተቶም መሰረት፣ ቤት ሰሪሖሙሉ ኣኳ እንተኾኑ፣ ግና ብክፉኣት ሰባት ኣብ ደሴት ጻና ተቐቲለ'ሞ ብኢድ ኣቦና ኣብ መቓብር ነገስታት ተቐብረ። እቲ ዝሰርሑሉ ቤት ድማ ክሳዕ ሎሚ ቤት ንጉስ እናተባህለ ይጽዋዕ ኣሎ።

ከምኡ'ውን ኣብ ዓንሰባ ዝርከብ ደቂ ሽሓይ ወሪዶም ነቶም ደቆም ናብ'ቲ ዳዕሮ ጫላህ ዝበሃል ቦታ ይእክብዎም ነበሩ፣ ንካህናትን ንህዝቢን ሕጊ እናበየኑ ነቲ ከቢድ ሽኽሚ የቕልሉሎም ነበሩ። ነቲ ቦታ ድማ ዓውዲ ብርሃን ኢሎም ስም ኣውጽኡሉ ክሳብ ሎሚ ከኣ ፍሉጥ ኮይኑ ኣሎ። ኣቦና ከምዝሰርዕዎ ድማ ስሙ ናይ ጉባኤ ቦታ ጫላህ ይበሃል ኣሎ።

ኣቦና መሬት እዚ ከኣ ንውሉድ ወለዶ ንገዳም ጻዕዳ እምባ ንመነኮሳት ርስትን ጉልትን ዓደጉ፣ ብስም ኣቡነ ገብረ መንፈስ ቅዱስ መቕደስ ሃነጹ፣ ነታ ዝሃነጽዋ መቕደስ ከኣ ወርቂ መሳቀል ወርቂ ኣኽሊላት ወርቂ ኣልባስን ሓሪን ብዙሓት መጻሕፍቲ ሂቦም ኣብኣ መነኮሳት ኣቐመጡላ፡ ምግቢ ማሕበር ገበሩ ብስርዓት ገዳማትን ኣድባራትን ከለልዋ'ሞ ነታ ቦታ

ናብ ገጽ 17 ይቕጽል

ኣብ ስደት ....

ካብ 9ይ ገጽ ዝቐጸለ

ንመቕጻዕቲ ተዋሂቦም እዮም።(መዝ 137) ኣብ'ዞም ጥቕስታት ከም ነስተውዕሎ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ሕጉ ንዝጠሓሱ ብስደት ክቐጽዖም ከሎ ኢና ንርኢ ይኹን ደኣ'ምበር ምሕረቱ ዝበዝሐ እግዚኣብሄር ኣምላኽና ካብኦም ፈጺሙ ርሒቑ ማለት ኣይኮነን፣ ኩሉ ግዜ ምጥዓስ ምምላስ ወዱ ብሃንቀውታ ዝጽበ እዩ፣ ታሪኽ እቲ ጥፉእ ወዲ'ውን የረድኣና'ዩ።(ሉቃ 15:11-24) እዚ ስራሕን ፍቓድን እግዚኣብሄር'ዩ። ኣብ'ዚ ግዜ 'ውን ዝተፈላለዩ ሰባትን ሃገራትን እዚ ፍጻሜ'ዚ ከጋጥሞም ከሎ ኣየስተውዕልዎን፣ ናብራ ስደት ምስ ዝመሮም'ውን ናብ ክሕደት ክበጽሑ ይረኣዩ፡ ንብላዕ ንሰተ ዘይጽባሕ ክንመውት ኢና ብምባል ተስፋ ይቖርጹ'ሞ ካብ ሓጢኣት ናብ ሓጢኣት ይኸዱ፡ መንገዲ እግዚኣብሔር ብምርሕርሖም ህላወ እግዚኣብሄር ከኣ ምልላይ ይሽግሮም ከምውጽኢቱ ድማ ብኸንቱ ይጠፍኡ። ገለ ድማ ጌጋኦም ፈሊጦም ገጾም ብንብዓት ናብ እግዚኣብሔር ይመልሱ "መንገዲ ....ክሓቱ፡ ገጾም ናብኣ ኣቕኒዖም ከኣ ንዑናይ ብዘይርሳዕ ዘልኣለማዊ ኪዳን ምስ እግዚኣብሄር ሕበሩ ኪብሉ እዮም"(ኤር 50:5)። እዚኦም ስደት ናይ ንስሓ መድረኽ፡ ህላወ እግዚኣብሄር እተስተማቕረሉ(መዝ 34:8)፡ ናብ እግዚኣብሄር ትምለሰሉን ትጽጋዓሉን ምኻኑ ስለዝተረድኡ እዮም። ኣነ ምሳኻ እየ'ሞ ኣይትፍራሕ(ኢሳ 41:10) ስለዝበለና ድማ ኣብ ስደት ንሱ ልዕሊ ኣቦ፡ ኣደ፡ ሓው፡ ሓፍቲ፡ ቤተሰብ፡ ኣዝማድ ኮይኑ ብጸግኡ ይሕልወና ናብ ልሙዕ ሸኻ ድማ ይወስደና የዕርፈና ድማ(መዝ 23):: እቲ ኣገዳሲ ግና ንሕና ምስ እግዚኣብሄር'ዶ ዋላስ ምስ ከንቱ ፍትወታት ዓለም ክንነብር እዩ ዘሎ ሓሳብ ልብና?

2.ካብ እግዚኣብሄር ንበረኽት ዝዓለመ ስደት፦ እዚ ዓይነት ስደት ካብ'ቲ ኣቐዲምና ዝረኣናዮ ስደት ዝፈልዮ ምስ እግዚኣብሄር ንዝነብር ሰብ ዘጋጥሞ ዓይነት ስደት እዩ:: ኣብ'ዚ ድማ ንስራሕ ስጋዊ ምስዳድ፡ ነብስኻ ንምድሓን ዝግበር ስደት(ካብ ኲናት: መቕተልቲ ብእምነትካ: ካብ መዓት ኣምላኽ)፡ ንኣገልግሎት ኣምላኽ(ወንጌል) ወዘተ ምስዳድ የጠቓልል።

ሀ. ንስጋዊ ስራሕ፦ እግዚኣብሄር ኣምላኽ መጀመርያ ንዝተሰደ ኣቦና

ናብ ገጽ 17 ይቕጽል

ምስ እግዚኣብሔር.......

ካብ ገጽ 13 ዝቐጸለ

ቅዱስ ሃዋርያ ጵጥሮስ ነዚ ክገልጽ ከም"ዚ ይብል ጐይታይ ንኣና ኣብ"ዚ ምንባር ክንደይ ጽቡቕ እዩ። ስለዚ ሰለስተ ዳስ (ቤት) ንስራሕ። (ማቴ 17፡4)

እቲ ልዑል ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ድማ እምነት ጥጦስ (እቲ ብየማኑ ዝተሰቕለ) ኣብ መስቀል ከሎ ምስ ረኣየ ከም"ዚ በለ ሎሚ ምሳይ ኣብ ገነት ከም እትኸውን ብሓቂ እብለካ ኣለኹ በሎ። (ሉቃ 23፡43)

ስለዚ ምስ እግዚኣብሄር ምንባር እንታይ ማለት እዩ፡ መልሲ፦

ምስ እግዚኣብሄር ምንባር ማለት፦

1.ክብሪ ኣምላኽ ምርኣይ ማለት እዩ፦ ኩሎም ሓጢኣም ክብሪ ኣምላኽ ሲኢኖም፡ ከም ዝብል እቶም ካብ ሓጢኣት ዝረሓቁ ግና ምስ እግዚኣብሄር ስለ ዝነብሩ እቲ ፍሉይ ክብሪ ኣምላኽ ንምርኣይ ይበቕዑ። ሃዋርያ ቅዱስ ጳውሎስ ብዛዕባ እዚ ክብሪ እዚ ንምርኣይ ዘሎና ተስፋ ክገልጽ ከሎ ከም"ዚ ይብል እቲ ዝርአ ንግዚኡ እዩ፡ እቲ ዘይርአ ግና ንዘልዓለም እዩ እሞ ንሕና ነቲ ዘይርአ እምበር፡ ነቲ ዝርኤ ኣይንጥምቶን ኢና። (2ይ ቆሮ 4፡18) ክብሪ እግዚኣብሄር ምርኣይ ማለት ዓብይን ንግንም ዘይወሃብ ጸጋ ምኻኑ ክገልጽ ከሎ ጐይታ ከምዚ ይብል ንጹሃት ልቢ ንኣምላኽ ክርእይዎ እዮም'ሞ ብጹኣን እዮም። (ማቴ 5፡8) ብኣንጻር እዞም ሕጉሳት፡ ዕውታት፡ ንጹሃት ልቢ እቶም ብኸፉእ ተግባሮም ዝፍለጡ ድማ ክብሪ እግዚኣብሄር ክርእዩ እዮም፡ ነዚኦም ግና ክብሪ እግዚኣብሄር ምርኣይ ኣብ ክንዲ ሓጐስ ጓሂ፡ ኣብ ክንዲ ቅንዕ ምባል ምድናን፡ ኣብ ክንዲ ክብረት ሕፍረት ውርደት ፍርሒ ኣብ ክንዲ ስሓቕ ጓሂ ወይ ብኽያት ምሕርቃም ኣስናን፡ ኣብ ክንዲ መንግስተ ሰማያት ሲኦል ገሃነም እሳት ዝከዱሉ ፍጻሜ ወይ ግዜ እዩ። ነዚ ድማ ቅዱስ ሃዋርያ ዮሓንስ ኣብ ራእዩ ከም"ዚ ይብል እንሆ ብደመና ይመጽእ ኣሎ ኩለን ኣዒንትን እቶም ዝወግእዎን ከአ ክርእይዎ እዮም፡ ብዘለው ዓሌታት ምድሪ"ውን ኪበኽዩ እዮም።(ራእ 1፡7) (ማቴ 25፡31)

2.መንግስቱ ንምውራስ ማለትዩ፦ ብዛዕባ ምስኡ ምንባር ክገልጽ ከሎ ጐይታ ከም"ዚ ይብል ሎሚ ምሳይ ኣብ ገነት ከም እትኸውን፡ ብሓዊ እብለካ ኣለኹ። (ሉቃ 23፡43) ኣብ ናይ ኣንቀጸ ብጹኣት ትምህርቲ ድማ ብመንፈስ ድኻታት መንግስተ ሰማያት ናቶም እያ"ሞ ብጹኣን እዮም። ምእንቲ ጽድቂ ዝስደዱ መንግስተ ሰማያት ናቶም እያ'ሞ ብጹኣን እዮም። (ማቴ 5፡3-10) ብዛዕባ'ዚ ቅዱስ ሓዋርያ ጳውሎስ ክዛረብ ከሎ ከም'ዚ ይብል፡"እዛ ምድራዊት ናይ ድንኳን ቤትና እንተፈረሰት እኳ፡ ሓንቲ ህንጻ ካብ ኣምላኽ፡ ብኢድ ዘይተገብረት ናይ ዘልኣለም ቤት ኣብ ሰማያት ከም ዘላትና ንፈልጥ ኢና።........ ግና'ኸ እምንቶ ኣላትና፡ ካብ ስጋ ግዒዝና ምስ ጐይታ ክንነብርውን ባህጊ ኣሎና" ይብል። (2ይ ቆሮ 5፡1-8) ኣብ መወዳእታ "ንጻድቃን ዘልኣለማዊ ህይወት መንግስተ ሰማያት፡ ንሓጥኣን ድማ ናይ ዘልኣለም ስቓይ ናብ ሲኦል ይኸዱ" ይብል:: (ማቴ 25፡46)

3.ምስ ቅዱሳን ምንባር ማለት እዩ፦ጐይታ ብዛዕባ ቅዱሳን ክዛረብ ከሎ "ኣነ ኣምላኽ ኣብርሃም፡ ይስሓቅን፡ ያዕቆብን እየ፡ ኣምላኽ ህያዋን እምበር ኣምላኽ ምውታት ኣይኮንኩን" ይብል። ነዚ ምስጢርዚ ኣብ ደብረ ታቦር ኣግሃዶ'ሞ፤ ቅዱስ ሃዋርያ ጵጥሮስ ነዚ ክገልጽ ብሓጐስ ከምዚ ይብል "ጐይታይ ንኣና ኣብዚ ምንባር ጽቡቕ እዩ። ትፈቲ እንተ ኮንካስ፡ ኣብዚ ሰለስተ ዳስ ክንሰርሕ፡ ሓደ ንኣኻ፡ ሓደ ንሙሴ፡ ሓደ'ውን ንኤልያስ።" (ማቴ 17፡4) ስለዚ ኣምላኽና ኣምላኽ ህያዋን (ቅዱሳን) እዩ። ከምኡ'ውን ሰፊሕ ታሪኽ እቲ ኣዝዩ ሃብታም ሰብኣይን ኣልኣዛር እቲ ድኻን፡ ምስ ቅዱሳን ምንባር ከመይ ከም ዝኾነ የብርሃልናዩ። (ሉቃ 16፡19-31)። ቅዱስ ሃዋርያ ጳውሎስ ከም'ዚ ይብለና "እምበኣርከስ ንስኻትኩም ኣብቲ ኢየሱስ ክርስቶስ ባዕሉ እምኒ መኣዝኑ ዝኾነ፡ መሰረተ ነብያትን ሃዋርያትን እትነደቕኩም፡ ደጊም ደቂ ዓዶም ንቕዱሳንን ስድራቤቱ ንኣምላኽን ኢኹም እምበር ኣጋይሽን መጻእተኛታትን ኣይኮንኩምን። ኣብኡ ዘሎ እቲ ህንጻ ብጐይታ ቅድስቲ ቤተ መቅደስ ምእንቲ ክኸውን፡ እናተኣሳሰረ ይዓቢ። ንስኻትኩምውን ኣብኡ ማሕደር ኣምላኽ ብመንፈስ ክትኮኑ ሓቢርኩም ትህነጹ ኣሎኹም።" (ኤፌ 2፡20-22)

4.ኣካልና ቤት መቕደስ ኣምላኽ ምግባር ማለትዩ፦ "እቲ ስጋይ ዝበልዕ ደመይውን ዝሰቲ ኣባይ ይነብር ኣነውን ኣብኡ" (ዮሓ6፡56) ጐይታ እምበኣር ይብለና ኣሎ እዚ ቅዱስ ስጋይን ደመይን ምስ ትቕበሉ ኣነ ኣባኹም ይነብር ንስኻትኩም'ውን ኣባይ። ስለ'ዚ ኣካልኩም ቤት መቀደስ ኣምላኽ ይኸውን ማለትዩ "ቤት መቀደስ ኣምላኽ ቅድስቲ'ያ ቤት መቀደስ ኣምላኽ ከኣ ንስኻትኩም ኢኹም፡ ሓደ እኳ ነታ ቤት መቕደስ ኣምላኽ እንተ ኣማሰነ፡ ኣምላኽ ኬማስኖ እዩ።" (1ይ ቆሮ3፡16-17) ነዞም ኣካልና ቤት መቀደስ ኣምላኽ ዘይገበርና ድማ ከም'ዚ ይብለና "እንሆ ኣብ ደገ ቤት ደው ኢለ ኳሕኳሕ ኣብል ኣለኹ፡ ድምጸይ ሰሚዑ ማዕጾ እንተኸፈተለይ፡ ናብኡ ክኣቱ ምስኡ ከኣ ኽድረር እየ፡ ንሱውን ምሳይ። ከምቲ ኣነ'ውን ዝሰዓርኩ እሞ ምስ ኣቦይ ኣብ ዝፋኑ እተቐመጥኩ፡ ነቲ ዝስዕር ኣብ ዝፋነይ ክቕመጥ (ክነብር) ክህቦ እየ። እዝኒ ዘላቶ ነቲ መንፈስ ቅዱስ ንማሕበራት ዚብለን ዘሎ ይስማዕ።" (ራእ3፡20-22) እሞኸ ደኣ ምስ እግዚኣብሄር ምንባር ማለት ካብ ፈለጥና፡ ምስኡ ክነብር እንታይ ንግበር።

ምስ እግዛብሄር ምንባር ከነማልኦም ዘሎና ነጥብታት፦

ነዚ ህይወት እዚ ንምርካብ ቃል እግዚኣብሄር ዝእዝዘና ኩሉ ምግባር፡ ወይ ምፍጻም የድልየና። ቃል እግዚኣብሄር ዝብሎም ፈጺሞም ነዚ ናይ ምስ እግዚኣብሄር ናይ ምንባር ጸጋ ዝተዓደሉ ቅዱሳን ድማ ህይወት ታሪኾምን ብዛዕባኦም ዝተነግረና ምኽርን ምውካስን ምስዓብ ኣሰሮምን የድልየና። ብዛዕባ ክብሪ ቅዱሳን ክዛረብ ከሎ ከም ኣብነት ብዛዕባ ዮሓንስ መጥመቕ ከምዚ ክብል ይምዕዳና "ካብ ኣንስቲ ካብ ዝተወልዱ ካብ ዮሓንስ ዝዓቢ ሓደ እኳ ኣይተንስአን። ካብ መንግስተ ሰማያት ግና እቲ ዝንእስ ካብኡ ይዓቢ። (ማቴ11፡11) ሃዋርያ ቅዱስ ጳውሎስ'ውን ብዛዕባ ቅዱሳን ኣቦታት ክዝርዝር ከሎ ከምዚ ይብል "ዓለም ንኣታቶም ዘይትበቅዕ ኮይናስ፡ ኣብ በረኻታትን ኣብ ኣኽራንን ኣብ በዓትታትን ኣብ ጉዳጉድ ምድርን ኰለል በሉ።" (እብ 11፡38) ስለዚ ንኣታቶም ዝበቅዕ መንዩ እንተኢልና ምስ እግዚኣብሄር ምንባር'ምበር ምስ ፍትወት ዓለም ኣይኮነን ምኽንያቱ እቲ

ናብ ገጽ 18 ይቕጽል

ኣቡነ ሰይፈ ....

ካብ ገጽ 15 ዝቐጸለ

ድማ ደብሪ ኢሎም ሰመይዋ።

ኣብ ሸዋ ናብ ዝርከብ ደብረ ሊባኖስ ኣብ'ቲ ናይ ኣቡነ ተክለ ሃይማኖት ንገዳሞምን ንደቆምን ብዙሓት መጻሕፍቲ ጸሓፉ እቶም ጽሑፋት ድማ ክሳዕ ሎሚ ኣለዉ ፍሉጣት'ውን እዮም።

ብድሕር'ዚ ኣቡነ ሰይፈ ሚካኤል ናብ'ታ ቅድስቲ ገዳሞም ጻዕዳ እምባ ተመልሱ፤ ኣብኡ ከኣ ስግኦም ክሳብ ዝመክኽ ጽኑዕ ገድሊ ክጋደሉ ጀመሩ። እቶም ሰይጣውንቲ ድማ ነዚ ርእዮም ብዙሕ ተጻብኦ ብገሃድ ይጻብእዎም ነበሩ። ንሞት ክሳብ ዝበጽሑ ዓይኖም ዘበጥዎም። ሽዑ መልኣኽ እግዚኣብሄር ካብ ሰማይ ወሪዱ ሰብነቶም ዳህሰሶምን ሰብነቶም ኩሉ ብዘይጉድለት ጥዑይ ገበሮም ከም መብረቕ ዝንበልብል ናይ ሓዊ ሴፍ ድማ ሃቦም፤ ኣጸናኒዕዎም ንሰማይ ዓረገ።

ሽዑ ኣቡነ ሰይፈ ሚካኤል ኣብ ልዕሊ እቶም ጸላእቶም ሰይጣውንቲ ተንስኡ፤ መታቲሮም ድማ ኣጥፍእዎም ካብኣቶም ሓደኳ ኣይተረፈን ኩሎም ከም ትኪ ተበተኑ። ኣቡነ ሰይፈ ሚካኤል ነቲ ዝተዋህቦም ጸጋ ምስረኣዩ ብብርኮም ሰገዱ ንፈጣሪኦም ከኣ ምስጋና ኣቕረቡ።

ንደቆም ኣብ መጻወድያ ከይወድቁ ካብ ጸጋ እግዚኣብሄር ከይፍለዩ ናይ ምንኩስና ገድሊ ምእንቲ ክሽከሙን ክኽተሉን'ውን የጸናንዕዎም ነበሩ። ካብ'ዚ ንደሓር ኣቡነ ሰይፈ ሚካኤል ኣዝዮም ዓበዩ ንእግዚኣብሄር እናገልገሉ ፍቓዱ እናፈጸሙን ሰናይ እርጋን ኣረጉ።

ሓደ መዓልቲ ብለይቲ ኩሎም ቅዱሳን በዓል ኣቡነ ኣረጋዊን ኣቡነ ኤዎስጣቴዎስን ኣቡነ ተክለሃይማኖትን ኣቦኦም ኣቡነ ዕንቈብርሃን ናብኦም መጹ። ካልኦት ቅዱሳን'ውን ካብ ጸሓይ ዕጽፊ ዘብርሁ ኮይኖም ካብ ድኻም'ዚ ዓለም'ዚ ክዓርፉ ናብ'ቲ ሓጎስን ደስታን ዘለዎ ናይ ዘልኣለም ህይወት ክኸዱ ምዃኖም ምስ ነገርዎም ካብኦም ተሰወሩ።

ብድሕር'ዚ ኣቡነ ሰይፈ ሚካኤል ንኹሎም ደቆም ኣብ ርሑቕ ኮነ ኣብ ቀረባ ዝነበሩ ኣኪቦም ብሕብረት ሰዓት ዝዓርፉሉ ከምዝበጽሐ ነጊሮም ብዙሕ ንህይወቶም ኣገዳሲ ዝኾነ ነገራት ንደቆም መዓድዎም።ብኣይ ተተኪኡ ሓውኹም ኣባ ሃብተስላሴ ኣቦ ይኹንኩም'ውን በልዎም። እቶም ደቆም ዓቢይ ምስ ንእሽቶ ምስመን ክተሓድገና እናበሉ ነብዑ፣ ኣቦና ድማ "ጸሎት ግበሩ ናብ እግዚኣብሄር ለምኑ ብስጋይ እንተሓደግኩኹም ብመንፈሰይ ምሳኹም እየ" በልዎም።

ፍርቂ ለይቲ ኪኸውን ከሎ ጎይታና ኢየሱስ ክርሰቶስ ምስ ቅድስቲ ድንግል ወላዲቱ ምስ ኣእላፈ ኣእላፋት መላእኽት ከቢቦምዎ ኩሎም ሰማእታትን ማሕበር ቅዱሳንን እውን እናመስገንዎ ጻድቃን ከኣ በብጉጅልኦም ንዕኦም ንኸመስግኑ ኣቦና ሓሚሞም ከለዉ ናብኦም መጹ። ጎይታ ድማ "ኦ ፈታውየይ ሰይፈ ሚካኤል ሰላም ንዓኻ ይኹን" ብዘይዕጸፍ ቃሉ ድማ ቃል ኪዳን ኣተወሎም።(ብዝርዝሩ ኣብ መጽሓፍ ገድሎም ተመልከት)

ሽዑ ጥዑም ሽታ ሸተቱ እታ ገዳም ኩለንትነኣ ድማ በርሀ። ሽዑ ኩሎም ደቆም ብሓንሳብ ኮይኖም ናብኦም ቀረቡ ካብኦም ከኣ ቡራኬ ተቐበሉ ኩሉ ኪዳን ከም እተቐበሉ ከኣ ነገርዎም። ነፍሶም ካብ ስጋኦም ሰዓት 3ተ ተፈልየት፣ ጎይታ ተቐበላ ኩሎም ቅዱሳንን እልፍ ኣእላፋት መላእኽትን ኩሎም ሰራዊት ሰማያት መላእኽትን ድማ ነታ ነፍሶም "ናይ ጻድቕ ሞት ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ክቡር እዩ"(መዝ116:15) እናበሉ ብምስጋናን ብማህሌትን እናዘመሩ ኣዕረግዋ፣ ብምስጋና ናብ ገነት ኣእተውዋ።

ብጹእ ኣቡነ ሰይፈ ሚካኤል ንወዲ በካፋ ኢያሱ ብ10ይ ዘመነ መንግስቱ 19 ጥቅምቲ ኣብ 99 ዕድሜኦም ብጽቡቕ እርጋንን ብስሙር ገድልን ዓረፉ። ምጋናን ብጸሎትን ብዝማሬን ብማህሌትን ከም'ቲ ስርዓት ቅዱሳን ኣቦታት ጌሮም ከኣ ገነዝዎም። ኣብ ቤተ መቕደስ ኣብ'ቲ ጎይትኦም ኣመልኪትዎም ዝነበረ ኣቐመጥዎም፤ ክሳዕ ሎሚ ፍሉጥን ሕሙማትን ድዉያትን ዝፍውስ እዩ።

ሽዑ ይትረፍዶ ደቆምን ብክርስቶስ ዝኣምኑን ምእመናንሲ፣ ንእግዚኣብሄር ዘይኣምንዎ መንገዲ ጽድቂ ዘይብሎም ኣረማውያንኳ ናይ ኣቡነ ሰይፈ ሚካኤል ዕረፍቲ ሰሚዖም ብሓዘን በኸዩ፤ እዚ ድማ ካብ እግዚኣብሄር ዝተዋህቦም ጸጋ ፈሊጦም ብግዜ ሽግሮም ምእንቲ ክረድእዎም ብጸሎቶም ይምሕጸኑ ስለዝነበሩ እዮም። ብድሕር'ዚ ንኣቡነ ሃብተስላሴ ኣብ'ታ መንበሮም ኣቐመጥዎም።

ቅድስት ገዳም ጻዕዳ እምባ ብኣቀማምጣኡን ብጽባቐኡን ኣብኡ ብጸሎት ኣቡነ ሰይፈሚካኤል ዝግበር ተኣምራት እግዚኣብሄርን ኣዝዩ ፍሉይን ኣደናቕን እዩ። ኣብ ዓመት ክልተ ግዜ ማለት ዕለት 19 ታሕሳስ ዕለት ዕረፍቲ ኣቡነ ሰይፈ ሚካኤልን፡ ሓምለ 7ተ በዓል ስላሴን ብዙሕ ህዝቢ ምስ ብዙሕ ህያባት ቦታ ምእካል ክሳብ ዝስእኑ ይእከቡ። ደቆም ድማ ጋሻ ብምቕባልን፡ መሰዋእቲ ቅዳሴ ብምስራዕን፡ ብምስጋናን ብማህሌትን ከም'ቲ ዝግባእ ሰርዓት ዓቢይ በዓል ይገብሩ።

ጸሎቶምን በረኸቶምን ምስ ኩልና ህዝቢ ክርስትያን ንዘልኣለም ይኹን።

ኣብ ስደት ....

ካብ ገጽ 15 ዝቐጸለ

ኣዳም "እንጌራኻ ብጻዕርኻ ክትበልዕ ኢኻ"(ዘፍ 3:17) በሎ ከምኡ ድማ ዘይሰርሕ ኣይብላዕ (ኢትብላዕ እክለ ሕማም) ይብል። ስለ'ዚ ወዲ ሰብ ኣብ ዝኸዶ ቦታ ክሰርሕ ሰናይ ፍቓድ ጎይታ እዩ፡ እዚ ድማ ብጸሎት፡ ብምስጋና፡ ብትዕግስቲ ኮታ ብፍቓድ እግዚኣብሔር ምስዝኸውን በረኸት እግዚኣብሄር ስለዝህልዎ ንኩሉ ዝኣክል ይኸውን:: ብሰንኪ ምስ ኣምላኮም ዝገበርዎ ምሕዝነት ኣብ ግዜ ስደቶም ቤት ዘገልግልዎም'ዉን ብበረኸት ከምዝመልአ እሞ ጎይቶቶም ክምስክሩሎም ከለዉ መጽሓፍ ቅዱስ ኣስፊሑ የረድኣና። ገለ ንምጥቃስ ላባን ብስደት ያዕቆብ ተባረኸ(ዘፍ 30:30)፡ፈርኦን ድማ መንፈስ ኣምላክ ኣብ ዮሴፍ ከም ዘሎ ፈለጠ(ዘፍ 41:38)፡ ቤት ስራጵታዊት ሰበይቲ ብኤልያስ ነብይ ተባረኸ (1 ነገ 17:15)፡ ንጉስ ዳርዮስ.......ኣምላኽ ዳንኤል ንዘለኣለም ዝነብር ህያው ኣምላኽ'ዩ ብምባል መስከረ(ዳን 6:25-28):: ስለ'ዚ ስደት ከምፍቓድ እግዚኣብሄር ንዝጥቀመሉ በረኸት ኣብ ልዕሊ በረኸት'ዩ። ንዝረኸብካዮ ተመስገን ምባል፣ ዕሽርካ'ውን ካብ ገንዘብካ: ጥሪትካ: ግዜኻ: ጉልበትካ ብግቡእ ምሃብ: ብፍቕሪ ድማ ምስሽግረኛ ተማቒልካ ምንባር ንእግዚኣብሄር ድማ ኩሉ ግዜ ብምስጋና ብጸሎት ከም ቃሉ ምንባር ምድራዊ ቅሳነትን ዘልኣለማዊ ህይወትን ዕረፍትን ይህብ። ኣብ ኩሉ ቦታ

ናብ 18ገጽ ይቕጽል

ኣብ ስደት ....

ካብ ገጽ 17 ዝቐጸለ

“ብመንፈስ ተመላለሱ'ሞ ትምኒት ስጋ ኣይክትፍጽሙን ኢኹም”(ገላ 5:16)።

ሊ.ነብስኻ ንምድሓን፦ ***ብሰንኪ ኲናት*** ምስዳድና ብፍቓድ ኣምላኽ ብጾም ጸሎት ብምህለላ ክንነብር እምበር ብሽግር ምኽንያት ናብ ሓጢኣት ብምሽማም ተስፋ ክንቆርጽ ስለዝገብረና ከም ሰይጣንን ሰራዊቱን ከይተጠዓስና ከይንመውት ናብ'ቲ ኣምላኽ ስዱዳን ምጽጋዕ የድልየና። ከም ፍቓዱ ምስንኽይድ ድማ ኣብ ዝተሰደድናሉ ቦታ ኀይቶት ክገብረና ዝክእል እሙን ኣምላኽ እዩ ዘሎና። ***ብእምነትካ ካብ ምቕታል ኀይታ*** ንሱ ዝጠዓሞ ዓይነት ስደት እዩ(ማቴ 2:13-21) ንቅዱሳን ሃዋርያቱ ድማ “.....ምእንታይ እንተ ሰጎጉኹም ብጹኣን ኢኹም፡ ከምኡ ከኣ ቅድሚኹም ንዝነበሩ ነብያት ሰጒጎምዎም እዮም እሞ ኣብ ሰማያት ዓስብኹም ብዙሕ ስለዝኾነ ተሓጎሱ ባህ’ውን ይበልኩም በሎም”(ማቴ 5:11-12)። ከም ቃሉ ድማ ብስደትን ብመከራን ብጥሜትን “ካብ ፍቕሪ ክርስቶስ ዝፈልየኒ የለን”(ሮሜ 8:36)፡ ብምባል ነታ እምነት ሓልዮምዋ ብርሃን ኀይታ (ወንጌል) ድማ ናባና ኣብሪሆምልና (ሰቢኾምልና) ሓሊፎም። ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ ድማ ነዚ ዓይነት ዕድል ዝተዓደሉ ብዙሓትዮም ግና እቶም ከም ቃሉ ዝሸዱ ነዚ ዓቢ ህያብ ኣምላኽ ይዕደሉ፡ ኣብ ከም'ዚ ዓይነት ስደት እቲ ቀንዲ ዘድሊ ነገር ትዕግስቲ፡ ተጻዋርነት እዩ፣ ምኽንያቱ ኣምላኽ ልዕሊ ዓቕምኻ ክትፍተን ስኽ ዝብል ሰለ ዘይኮነ እዩ(1ይ ቆሮ 10:13)። ስደት መከራ መምዘኒ እምነትካ ክኸውን ይኽእል'ዩ እሞ እምነትካ ብኸመይ ተገልጸ፡ ንክርስተያን የጽንዮ፡ የበርትዮ፡ የሰስዮ ከኣ እምበር ኣየሕምቖን'ዩ “ብመጠን እቲ ዝጽበቡሎም ግና ክንድኡ ሰሰኑ”(ዘጸ1:12)። ቅዱሳን ሃዋርያትን ድሕሪኦም ስዒቦም ንዓና እምነትና ዘረከቡና ቅዱሳንን ንእምነት ክርስትና ብደሞም ብረሃጾም ብንብዓትን ብብዙሕ ሽግርን'ዮም ኣረኪቦምና ሓሊፎም፡ እዞም ሕጂ ሕድሪ ወንጌል ዘሎና'ኸ ስራሕና ዘንጊዕና ኣብ መንገዲ ይሁዳ ክሕደት'ዶ ወይ ከም ዴማስ ኣብ ፍቅወት ዓለም ወይስ ከም ኣቦታትና ብጸሎት ብጸጋ ኀይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ንመኽሊትና እናርባሕና ንድሕነትና ንፍጽም ኣሎና?

ሐ.ንስብከት ወንጌል እዚ ዓይነት ስደት እግዚኣብሄር ብዝፈቐዶ መሰረት ማለት ቅድስቲ ቤተክርስተያንካ ብዝሰደደትካ መሰረት ካብ ቦታ ናብ ቦታ ብምኻድ ዝግበር ንስብከት ወንጌል፡ ንኣገልግሎት ዕዮ እግዚኣብሄር እዩ። ቅዱሳን ሃዋርያት ድሕሪ መንፈስቅዱስ ምቕባሎም ናብ ዝተፈላለያ ሃገራት ብምኻድ ኣብ ስደት ወንጌል ኣስተምሃሩ፡ ንክምህሩ ዝክእሉ ድማ ኢድ ብምንባርን ብምቕባእን ናብ ዝተፈላለዩ ዓድታት ይሰዱ ነበሩ፡ ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ ድማ ብዙሓት ንትምህርቲ ወንጌልን ኣገልግሎት ቤት ክርስትያንን ብጵጵስና፡ ክህነት፡ብዲቁናን ብምቕባእ ንስደት ዝሰደደቶም ኣለዉ። እዚ ድማ ነቶም ኣመንቲ ህዝቦም ንምግልጋልን ንምሕላውን(ግብ 20:28)፡ንዘይኣምኑ ድማ ንኽእምኑ እዩ። እዚ ምስዝገብሩ ዓስቦም ዓቢይ እዩ፡ ግቡኦም ዘንጊዮም ኣብ ስጋዊ ዕላማኦም ጥራይ ምስ ዝዋፈሩ ግን “ብደም ዝጠፍኡ ክሕተቱ ምኻኖም እዩ”(ማቴ 21:41)

“ልብኹም ኣይሸበር ብኣምላኽ እመኑ” (ዮሃ14:1)

ስለዚ ንሕና ኣብ ስደት እንርከብ ንህይወትና ብምሕሳብ ንዝኸብደናን ንዝጨንቀናን ብትሑት ልቢ ናብ'ቲ ሕማምና ዝጸረ፡ ንስቓየና'ውን ኣብ ነፍሱ ዝጸዓኖ(ኢሳ 53:4) ጌና'ውን “ኣቱም እትጽዕሩን ጾር ዝኸበደኩምን፡ ኣነ ከዕርፈኩም ናባይ ንዑ”(ማቴ11:28) እናበለ ናብኡ ዝጽውዓና ፍቁር ኀይታናን ኣምላኽናን ኢየሱስ ክርስቶስ ንዕኡ ክብሪ ይኹኖ ምጥማት፡ ብቓሉ ምምልላስ እዩ።

እግዚኣብሄር ስደትና ይባርኽ!!

ጸጋ ኀይታና ኢየሱስ ክርስቶስን ፍቕሪ ኣምላኽን ሕብረት መንፈስ ቅዱስን ምስ ኩሉና ይኹን።

ምስ እግዚኣብሔር.......

ካብ ገጽ 16 ዝቐጸለ

ንህይወቱ ዝረኸባ ከጥፍኣ እዩ፡ እቲ ንህይወቱ ምእንታይ ዘጥፍኣ ግና ክረኽባ እዩ።(ማቴ 10:39)ጎይታ ከምዚ ይብለና "እቲ ፍቓድ ኣብ ሰማያት ዘሎ ዝገብር ደኣ እምበር ጎይታይ ጎይታይ ዝብለኒስ መንግስተ ሰማያት ዝኣቱ ኣይኮነን።"(ማቴ 7:21) ከምኡ'ውን ይብለና እቲ ትእዛዛተይ ዘለዎ እሞ ዝሕልዎ ንሱ እዩ ዘፍቅረኒ፡ ነቲ ዘፍቅረኒ ድማ ኣቦይ የፍቅሮ እዩ፡ ኣነውን የፍቅሮ ርእሰይ ድማ እገልጸሉ። (ዮሓ14:21) ኣብ መወዳእታ ሃዋርያ ቅዱስ ጳውሎስ ዝመኸረና ምኽሪ ንርአ "ነቶም ቃል ኣምላኽ ዝነገሩኹም መራሕትኹም ዘክርዎም መወዳእታ ንብረቶም እናተቋመትኩም፡ ኣሰር እምነቶም ሰዓቡ።" (እብ13:7) ንስኻ ግና ካብ እንመን ከም እተመሃርካ ፈሊጥካ ነተን ካብ ቁልዕነትካ ጀሚርካ ብእምነት ብክርስቶስ ኢየሱስ ንምድሓን ከለብማኻ ዝኽእላ ቅዱሳት ጽሑፋት ፈሊጥካ፡ በቲ እተመሃርካዮን እተረዳእካዮን ጽናዕ። (2ይ ጢሞ 3:15) ስለዚ ካብ ህይወት ኩሎም ቅዱሳን እንመሃሮ ቅዱስ ተግባር፡ ሕይወቶም ናይ ጸሎት፡ ጾም፡ ምጽዋት፡ ትሕርምትን፣ትሕትናን ካልእ ኩሉ መንፈሳዊ ስራሕን እዩ። (ኤፌ6:24) በዚ ነገር እዚ ድማ ምስ እግዚኣብሄር ንክነብሩ በቒዑ። "ስለዚ ንኩሉ ዝኸብደናን ነቲ ዝጠብቀናን ሓጢኣት ነርሕቕ፡ በቲ ኣብ ቅድሜና ተሓንጺጹልና ዘሎ መቀዳደሚ ከኣ ብትዕግስቲ ንጉየ ናብቲ ሕፍረት ንዒቑ ስለቲ ኣብ ቅድሚኡ ዘሎ ሓጐስ ኢሉ መስቀል ዝተዓገሰ ኣብ የማን ኣምላኽ እተቐመጠን ጀማሪ እምነትናን ደምዳሚኣን ኢየሱስ ንጠምት።" (እብ12:1-2)

ናብ ገጽ 20 ይቕጽል



ሌላ ፦

እዞም ኣብ'ዚ ስእሊ እንርእዮም ዘሎና ቅዱስ ኣቦ፣ ኣባ ገብረ ክርስቶስ ይበሃሉ ብግብጻውያን ድማ ኣቡና ዓብደል መሲሕ ተባሂሎም ይጽውዑ። ትውልዲ ዓዶም ሊባን፣ ኤርትራ ኮይኖም ብእግሮም ካብ ሊባን ናብ ግብጺ ብምምጻእ ብብሕትውና ንኣስታት 40 ዓመት ኣብ ምድረ በዳ ኣሰቄጥስ ኣብ በዓቲ እናተቐመጡ ብምጽናሕ ኣብ መወዳእታ ህይወቶም ኣብ ኢየሩሳሌም ብቕድስና ዝዓረፉ ዓቢ ኣቦ እዮም ። ዕብየት ቅድስናኦም ኣብ ሃገረ ግብጺ ውሩይ ብምዃኑ ንሃገርና በረኸትን ሓበንን እዮም።

ጸሎቶምን በረኸቶምን ኣይፈለየና።

The most important rules of monasticism founded by anba antony:-

1. Untiring prayers and thanksgiving to God for all he gives to pray every morning for sick people around.
2. Fasting till 9p.m daily except Saturday and Sunday. Pray before eating and after wards pray and read.
3. Don't talk to youth or children- do not sleep on straw mat with another one.
4. Be punctual at the time of prayers and do not miss any. (Least you should be asked about it).
5. Do not insist on feeding a sick and do not deprive him from food so you might not trouble him.
6. Be happy by a brother's visit so he might thank God.
7. Do not mix with bay men and do not be showy.
8. Do not touch a woman and do not entertain any.
9. Do not see your family or visit them.
10. Give alms to the poor in the monastery.
11. Pray your night prayers before going to church.
12. If you suspect any man depose him from the frock.
13. Accompany another if you are going to the town.
14. Do not eat meat and do not break your fast unless you are very ill.
15. Do not be annoyed with work-do not be envious.
16. Do not stay long in your brother's cell.
17. Do not talk in church.
18. Do not sit in the narrow passes of the monastery.
19. Do not go to a crowded church.
20. Learn politeness every day from the elderly.
21. Do not undergo any work with out consulting the superior of the monastery.
22. If you go to draw water recite your prayers as much as you can.
23. Grieve your sins day by night.
24. Hold to your head cover, girdle and wrapper.
25. Light your candle with the oil of your eyes which is the tears.
26. Do not be proud and do not laugh.
27. Do not repel someone asking the lord.
28. Do not reveal thoughts to others.
29. If you go to reap do not be late in returning back.
30. Do not wear expensive closes.
31. Do not talk loudly.
32. Put to death yourself every day.
33. Do not judge others for their weaknesses.
34. Do not eat until satisfaction and sleep a little the angels will visit you.
35. Educate your children.
36. Do not be tempted by your tongue. Be blessed by every one.

ምስ እግዚኣብሔር.......
ካብ ገጽ 18 ዝቐጸለ

5.ምስ እግዚኣብሄር ምንባርና (ምህላውና) ብኸመይ ነረጋግጽ፦

ከይሞትና ብስጋ፦ጐይታና ከምዚ ይብለና "ጽቡቕ ኦም ብፍሪኡ ይፍለጥ እቲ ክፉእ ኦም ድማ ክፉእ ፍረ ይፈሪ።" (ማቴ7:17) ከምኡ'ውን ፍሪኡ ኣብ ግዜኡ ይህብ "ብምኽሪ ረሲኣን ዘይመላለስ ኣብ መገዲ ሓጥኣን ከኣ ዘይቀውም፡ ኣብ መንበር መላገጽቲ ድማ ዘይቕመጥ፡ ብሕጊ እግዚኣብሄር ደኣ ዚፍሳህ፡ ነቲ ሕጉ'ውን ለይትን መዓልትን ዝመራመሮ ሰብሲ ብጹእ እዩ። ንሱ ከምታ ፍሪኣ በብግዜኣ እትህብ ቆጽላ ከኣ ዘይረግፍ፡ ኣብ ወሰን ወሓዚ ማይ እተተኽለት ኦም ይኸውን ዝገብሮ ኩሉ'ውን ይሰልጦ።" (መዝ1:1-3) እቲ ከምዚ ዝገብርሲ ንዘልኣለም ኣይናወጽን። (መዝ 15:5) "እምበኣርከስ ጐይታስ መንፈስ እዩ። እቲ መንፈስ ጐይታ ዘለዎ ኣብኡ ሓርነት ኣሎ። (2ይ ቆሮ 3:17) ከም ቅዱስ ሃዋርያ ጳውሎስን ካልኦት ቅዱሳንን ኣብ መወዳእታ ከምዚ ንምባል ጸጋ ይወሃበና "ሰናይ ገድሊ ተጋዲለ ጉያይ ወዲኤ፡ ነታ እምነት ሓልየያ። ደጊምሲ ጐይታ እቲ ጻድቕ ፈራዲ በታ መዓልቲ ዝህበኒ ኣኽሊል ጽድቂ ተነቢሩለይ ኣሎ። እዚ ግና ንኣይ ጥራይ ዘይኮነስ ነቶም ምግሃድ ዘፍቀሩ ኩላቶም እዩ።"(2ይጢሞ 4:8)

ድሕሪ ሞትና፦ ኩሉ ሰብ ዘዝዘርኦ እዩ ዝዓጽድ። ስለ'ዚ ኣምላኽ ነቶም ብእኡ ኣሚኖም ቃሉ ሓልዮም ምስኡ ዝነበሩ ድሕሪ ሞቶም ዝህቦም ዓስቢ ብዙሕን ዝተፈላለየን ተገሊጹ ዘይውዳእ ምኳኑ መጽሓፍ ቅዱስ ይገልጸልና እዩ። (2ይ ቆሮ12:4-7) ገለ ካብቶም ተጠቒሶም ዘለዉ ዓስብታት ንምጥቃስ ግና ክንፍትን "ንስካትኩም ግና ምሳይ ብመከራ ብፈተና እትዓገስኩም ኢኹም።..... ኣብ ዙፋናት ተቐሚጥኩም ከኣ ንዓሰርተው ክልተ ነገድ እስራኤል ክትፈርዱሲ.... ንኣኻትኩም ኣነ መንግስተይ መደብኩልኩም። (ሉቃ 21:28-30) ኣቱም ናይ ኣቦይ ብሩኻት፡ ንዑ እቲ ካብ ምምስራት ዓለም ዝተዳለወልኩም መንግስቲ ውረሱ። (ማቴ 25:34) ስለ'ዚ መታን ከይትደኽሙን ነፍሳትኩም ከይሕለላን፡ ነቲ ካብ ሓጥኣን ኣብ ርእሱ ክንድዚ ዝኣኽል ምጽራር እተዓገሰ ዘክርዎ። (እብ12:3)

እግዚኣብሄር ምስኡ ናይ ምንባር ህይወት ይሃበና ኣሜን።

> እቲ መንፈስ ጐይታ ዘለዎ ኣብኡ ሓርነት ኣሎ።
> (2ይ ቆሮ 3:17)

መልሲ

1.መዝሙር 133:1
2. ስምኦን፤ ዎ ጎይታይ ነቲ ንምብራህ ኣህዛብ ብርሃን ንህዝብኻ እስራኤላውያን ክብረት መታን ክኸውን ኣብ ቅድሚ ኹሉ ህዝቢ ዘዳሎኻዮ ምድሓንካ ኣዒንተይ ካብ ርእያስ ሕጂ ከምቲ ዘረባኻ ብሰላም ተፋነዎ ኢኻ በለ። (ሉቃ 2:29-32)
3. ኢሳ 43:11
4.መዝ 117 ክልተ ጥቕሲታት ጥራይ ኣለዋ
5. ሀ- ንካህን ዘካርያስ (ሉቃ 1:5)ለ- ንቅድስቲ ድንግል ማርያም (ሉቃ 1:28) ሐ- ንነብዩ ዳኒኤል (ዳኒ 8:16፣9:21) መ- ቅዱስ ገብሪኤል ብሰራታዊ
6. ኤብን-ዔዘር በሎ ትርጉሙ ድማ "እግዚኣብሄር ክሳብ ኣብዚ ረድኣና ማለት እዩ" (ሳሙ 7:12)
7. ሲድራቅን፡ ሚሳቅን ዓብድ-ኔጎን እዮም (ዳን 3-16)
8. ሀ-እቲ ጽሑፍ መኔ፡መኔ ቴቀል ኡፋርሲን እዩ።
ለ-ዳንኤል 5:24፣25፣26-28)
ሐ-ትርጉም መኔ- ኣምላኽ ንመንግስትኻ ቆጸሮን ጠረሶን፤ ቴቴል -ብሚዛን ተመዚንካ ቀሊልካ ተረኺብካ፤ ኡፋርሲን መንግስትኻ ተመቒላ ንሰብ ሜዶንን ፋርስን ተዋሂበት ማለት እዩ።
9. ያዕ 5:14-15
10.ማቴ 19:6
11. 1ይ ዮሃ 2: 20 ን 27
12. ማቴ 3: 6 (ማቴ 18:18)
ግብ 19:18 (ዮሃ 20:23)
13. ዮሃ 1: 3 ። ቆሎ 1:16 ።
1ይ ቆሮ 8:6
14. 1ይ ቆሮ 15

ጥበብ

ንጥበብ ሃገራ ኣበይ እዩ? መሕደሪኣ'ኸ ኣበይ'ዩ? ወሰና'ኸ? ኣሰር መንገዳ'ኸ? ባሕሪ ተሳጊሩ ብቐይሕ ወርቂ መን ተሻየጣ? ልዕሊ ደመና ደይቡ ዘውረዳ'ኸ መን እዩ? መዋቲ ሰብ መንገዳ ኣይፈልጣን እዩ። ኣብ ባህርይ ሰብ'ውን የላን።

ካብ ኩሉ ሰብ ተረስዕት፤ ካብ ኩሉ ኣዕዋፍ ሰማይ እውን ተሓብኣት፤ ንዓኣ ዘጥረዩ ምስ እግዚኣብሔር ተዓራረኹ። ንዓኣ ዝጸልኡ ከኣ ሞት ይፈትዉ። ካብ ጸሓይ ካብ ኩሉ ንብረት ከዋኽብትን ትደምቕ። ምስ ብርሃን እንዳተናጻጸረት ከኣ ንሳ ከም ቀዳመይቲ ኮይና ትርከብ።

ኣብ እርጋን ከላ ንኹሉ ትሕድስ፤ በብትውልዲ'ውን ናብ ነፍሲ ጻድቃን ትመሓላለፍ። ንሳ ካብ ክቡር ዕንቍ ትበልጽ። ኩሉ ኽብሪ ኣይመዛዘናን እዩ። ምኽርን ትእዛዝን ናታ እዩ። ጽንዓትን ኣእምሮን እውን ናታ እዩ። ነገስታት ብኣኣ ይነግሱ። ሓያላት እውን ብኣኣ ጽድቂ ይጽሕፉ(ምሳ 8:10)።ዓበይቲ ብኣኣ ይኸብሩ መኳንንቲ ብኣኣ ርስቲ መንግስተ ሰማያት ይወርሱ።(ምሳ 8:16-17 ራእ 5:10) ንዘፍቅርዋ ተፍቅር ንዝሕልውዋ ትሕሉ፤ ንዓኣ ዝደልዩ ኸኣ ሞገስ ይረኽቡ።

ብመንገዲ ሓቂ ትኸይድ ኣብ ሓቀኛ ሰብ ትሓድር (2ይ ጴጥ 3:13 ማቴ 5:5 ምሳ 8:15) ንዘፍቅርዋ ጥሪት ምእንቲ ክትህቦምን ንመዛግብቶም ተድላ ክትመልእን ብኣሰር ጽድቂ ትመላለስ። እቲ ንኹሉ ዝፈልጥ ንሱ ይፈልጣ እቲ ንኹሉ ዝምርምር ንሱ መንገዳ ኣቕንዐ። ንሱ ንያዕቆብ ፈታዊኡን ንእስራኤል ቅዱሱን ሃቦ። ብድሕር'ዚ ኣብ ምድሪ ተራእየት ከም ሰብ'ውን ተመላለሰት።

እንሆ ንገዛእ ርእሳ ቤት ሃነጸት ሸውዓተ ኣዕኑዳ ከኣ ኣቘመት። ስብሕታ ሓረደት ናይ ገዛእ ርእሳ ወይኒ ኣብ ገንኣ ዘለለት መኣዳ'ውን ኣሰናደአት።(ምሳ 9:2-6 1ይ ቆሮ 11:24-26)

ኣገልገልታ ብነዊሕ ስብከት "ፍልጠት ዘይብሉ ናባይ የልግስ" እናበለት ለኣኸት። ነቶም ኣእምሮ ዝጎደሎም ከኣ ህብስተይ ብልዑ ወይነይ'ውን ስተዩ ድንቁርና ሓዲግኩም ብህይወት ንበሩ እናበለት ጸውዐት። ጥበብ ዝተባህለ ግና ብጥበብሐት ሥጋኡ ዝተበጀወናን ብምፍሳስ ደሙ ዝተሻየጠናን ንዘለኣለም ኣለም ንመንግስቲ ዝሓረየና መድሓኒና ኢየሱስ ክርስቶስ እዩ። (1ይ ጴጥ 1:18-19)

(ቀዳሴ ኤጲፋንዮስ)

ካብ 2000ዓ.ም ክሳብ 2006ዓ.ም ግእዝ ዘሎ ናይ በዓላትን ኣጽዋማትን መውጽኢ

ዓ.ም	ወንጌላዊ	ኣበቅቴ	መጥቅዕ	ነነዌ	ዓብይ ጾም	ደብረ ዘይት	ሆሳእና	ስቕለት	ትንሣኤ
2000	ዮሓንስ	23	7	የካ 10	የካ 24	መጋ 21	ሚያ 12	ሚያ13	ሚያ17
2001	ማቴ.ሓሙ	4	26	የካ 2	የካ 16	መጋ 13	ሚያ 4	ሚያ 9	ሚያ11
2002	ማር. ዓር	15	15	ጥሪ 17	የካ 1	የካ 28	መጋ 19	መጋ24	ሚጋ26
2003	ሉ.ቃ.ቀዳ	16	4	የካ 7	የካ 21	መጋ 18	ሚያ 9	ሚያ14	ሚያ16
2004	ዮሃ. ሰኑ	7	23	ጥር 28	የካ 12	መጋ 9	መጋ 30	ሚያ 5	ሚያ7
2005	ማቴ.ሰሉ	18	12	የካ 18	መጋ 2	መጋ 29	ሚያ 20	ሚያ25	ሚያ27
2006	ማር.ረቡ	-	30	የካ 9	የካ 17	መጋ 14	ሚያ 5	ሚያ10	ሚያ12

ዓ.ም	ርክበ ካህናት	ዕርገት	በዓለ ጰራቅሊጦስ	ጾመ ሃዋርያት	ጾመ ድህነት
2000	ግን 13	ግን 28	ሰነ 8	ሰነ 9	ሰነ 11
2001	ግን 5	ግን 20	ግን 30	ሰነ 1	ሰነ 3
2002	ሚያ 20	ግን 5	ግን 15	ግን 16	ግን18
2003	ግን 10	ግን 25	ሰነ 5	ሰነ 6	ሰነ 8
2004	ግን 1	ግን 16	ግን 26	ግን 27	ግን 29
2005	ግን 21	ሰነ 6	ሰነ 16	ሰነ 17	ሰነ 19
2006	ግን 6	ግን 21	ሰነ 1	ሰነ 2	ሰነ 4

ስእላዊ መግለጺ ኣባላት መዘምራን ማሕበር ንኣሽቱን(የማናይ ክልተ) ዓበይትን(ጸጋማይ ክልተ ስእሊ)

በትሪ ቅዱስ ኤፍሬም ዝነበረት
ገዳም ቅ..ድንግል ሶርያን ዝበሃል

ገዳም ኣባ መቃርስ
ኣስቄጥስ

ገዳም ኣባ ስምኦን

ገዳም በራሞስ

ገዳም ማር ሚና(ሚናስ)

ገዳም ኣባ ቢሾይ

ገዳም ሰማእታት

ገዳም ቁስቋም(መሓረቕ)

ገዳም ቁስቋም(ድሮንካ)

ገዳም ኣባ ቢሾይ

ደብረ ሲና

ቤተ ክርስትያን ኣብ መጀመርታ
ብውሑዳት ክብገስ ከሎ

ምእመናን ኣብ በዓል ልደት

መዘምራን ኣብ በዓል ፋሲካ

ቤተ ክርስትያን ቅዱስ ኣቡነ ኣንጦንዮስ ኣርደሌዋ